# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 351 | 17 ነሓሰ 2014 | ገጻት 8 ዋጋ 1.00 ናቕፋ



ሰንበት

ገጽ 2
ንህይወት ወዲ ሰብ ጸለውቲ...



ገጽ 3
ምውርራስ ... ብመኹ

ገጽ 5
ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ፡ ኣብ ሰናይ ክረምት



ገጽ 6
"ዕላማይ ኣብዩም ብንቕመይ ክሕጉዙ ዝኽእሉ ተመሃሮ ዘተኩረ እዩ"
ኢንጅ. ሚካኤል ተስፋይ

ገጽ 7
ጉዱ. ተ/ጋብር - መልማሊ ተዘክሮቲ ተጻወትቲ




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ 2014 ብወግዒ ከፈቱ



ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ 2014፡ ሚኒስተራት፡ላዕለዎት፡ሰራሕተኛታት፡ኣመሓደርቲ ዞባታት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን ከምኡ'ውን ሰብ ዝናናውያን ኢጋይሽን ዲፕሎማሲያውያን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብወግዒ ከፊቶሞ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንትሕዝቶ ናይቲ "ባህሊ፡ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ክሳብ 23 ነሓሰ ዝቕጽል ፌስቲቫል እናተዘዋወሩ ኣብ ዝተዓዘብሉ፡ ብኣዳለውቲ ብዛዕባ ትሕዝቶን መልእኽትን ናይቲ ዝቐረበ ምርኢት መግለጺ ተዋሂብዎም።

ኣብ'ዚ ናይ ለሚ ዓመት ፌስቲቫል፡ ዞባታት ንጸጋታተን ብቕንዱ ድማ ዝልለያሉ ትሕዝቶ፡ ልምዓታዊ ንጥፈታት፡ ዕቤትን ኣገልግሎታት ትምህርትን ጥዕናን ትሕተ-ቅርጺ፡ መሳርሒ ህዝበን ካልእን ዘጠቓልል ቀዋሚ ሓዚን ክቐርባ እንከለዋ፡ ምርኢት ምህዞን ሰነዳን ኣፍረይትን ትካላትን'ውን ኣካል ናይቲ ትሕዝቶ ኮይኑ፡ ብዙሕ ንተዓዛብቲ ኣርሒዩ'ሎ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት ምጅማር ሃገራዊ ፌስቲቫል 2014፡ ብዕለት 15 ነሓሰ ምሸት ኣብ ሲነማ ሮማ ባህላዊ መደብ ተኻይዱ።

ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ካብ ወሽጥን ወጻእን ዝመጹ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎን ብኤራቲቪ ብቐጥታ ዝተፈነወን መደብ፡ ኣካይዲ-ስራሕ ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ኣቶ ተስፋይ በርሀ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ናይ ለሚ ዓመት ፌስቲቫል፡ ንባህላዊ ብዙሕነትን ጸጋቓ ብሄራትናን ኣሃዛብናን ዘጉልሕ ምርኢት ዞባታት፡ ሓያል ጻዕሪ ዝሓለፈ ስራሕቶም ባህላውን ምርኢታትን ውድድራትን፡ ያታውን ዘመናውን ስፖርት፡ ብፍሉይ ንቖልዑ ዝተዳለወ ኣዘናጋዕን መዛናግዒ መደባትን ካልእን ዘጠቓለለ ትሕዝቶ ተዳልዩ ምህላዉ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ስሙር ጻዕርናን ትስፉው መጻኢናን እሃጉልሓሉ ዕዙዝ ኢጋጣሚ ክኸውንን ሰናይ ምጽኣቱ ብምግላጽ፡ ንኹሎም ኣብ ምስንዳእ ዝጸዓቱን ዝተሓባበሩን ምስጋና ኣቕሪቡ።

እቲ ንልዕሊ ክልተ ሰዓታት ዝቐጸለ መደብ፡ ብሓደስቲ ደርፍታትን ትልሂታትን ዝተሰነየ - ንባህላዊ ብዙሕነትና፡ ሃገራዊ ሓድነትናን ሰላምናን ከም'ኡ'ውን ባህላዊ ወርሻታትናን ክብርታትናን ብዘጓድሩ መዚቃዊ ድራማታትን ኮሜዲታትን ደሚቑ ነይሩ።



# ዓሰብ፡ ንጠንቅን ምክልኻልን ደንጊ-ፌቨር፡ ቫይረስ ኮሮናን ኢቦላን ዝምልከት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ከተማ ዓሰብ፡ ንጠንቂ ደንጊ-ፌቨር፡ ቫይረስ ኮሮናን ኢቦላን ኣገባብ ምክልኻሉን ዝምልከት ኣስተምህሮ፡ ንሓለፍቲ ዝተፈላለዩ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውን ትካላት፡ ካብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ዓሰብ ንዝተወከሉ ዓበይቲ ዓድን ኣመሓደርቲን ተዋሂቡ።

ኣቲ ኣስተምህሮ ዝሃቡ ሰብሞያ ጥዕና፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሕማም ደንጊ-ፌቨር ማለት 'ዌል-ካፆ' ብዝበሃል ደርኣ ስለዝለዋ፡ ህዝቢ ንምክልኻሉ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕና ብምትሕብባር ጠንቁ ዝኾነት ጣንጡ እትፍረየሉ ጉዳጉድን ዕቑር ማይን ክደፍንን ከባቢኡ ብጽሬት ክሕዝን ኣዘኻኺሮም።

ብዘይካ'ዚ እቶም ሰብሞያ ጥዕና፡ ሕማም ቫይረስ ኮሮና፡ ጠንቁ ሳዕቤናቱን ኣገባብ ምክልኻሉን፡ ከምኡ'ውን ብደረጃ ዓለም ዓቢ ጥዕናዊ ስግኣት ኮይኑ ዘሎ ቀዛፊ ሕማም ኢቦላ ኣመልኪቶም ሰፊሕ መብርሂ ከምዝሃቡ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ንሶም ኣብ መብርሂኦም፡ ቫይረስ ኮሮና ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ማለት ስዑዲ ዓረብን የመንን ደርኣ ስለዘሎ፡ ካብን ናብን ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ዘድሊ ጥንቃቐ ክግበር፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ብሰቡዓ መልክዕ ዝላባዕ ዘሎ ሕማም ኢቦላ ድማ ምስ ዘይድኑ ትዕት ምንቅስቓስ ሓደገኛነቱ ርሑቕ ስለዘይኮነ፡ ህዝቢ ብዛዕባ'ዚ ሕማማትን ምዕባለታቱን እዋናዊ ሓበሬታ ክረክብ ወሲኒ ምኽሪ ኣስሚዖምሉ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ኣሰፋው ገብረሚካኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዘድሊ ምክትታል ይግበር ስለዘሎ፡ ህዝቢ ቡቲ ሕማማት ዘድሊ ሻቕሎት ከይሕድር ብምዝኽኻር፡ እቲ ጥዕናዊ ኣስተምህሮ ኣብ ከተማ ዓሰብ ጥራሕ ከይተሓጽረ፡ ዝበዝሐ ንጥፈታቶም ኣብ ባሕሪ ንዝኾነ ገፊፍቲ ዓሳ፡ ሓይሊ ባሕርን ካልኦትን ከምኡ'ውን ኣብ ገማግም ባሕሪ ኣብ ዝርከባ ዓድታትን ሓውሲ ከተማታት ክወሃብ ምኻኑ ሓቢሩ።

# ሰንበት ምስ ተማሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## 10፤ ንህይወት ወዲ ሰብ ጸለውቲ... ... ዝኾኑ ስነ-ፍልጠታዊ ኣምራት

ወዲ-ሰብ ብዝተፈላለየ መድረኻት ሓሊፉ ናብዚ ሕጂ ዘለዎ ቅርጺ፡ ኣቋውማ፡ ኣተሓሳስባን ምዕባለን ከም ዝበጽሐ ዝተፈላለዩ ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲታት ይገልጹ። ከምቲ ኣብ ፍልቀት (Evolution) እንመሃሮ ከኣ ካብ ሓደ ደቂቕ ፍጥረት ፈኺም እናበለ ናብዚ ደረጃ በጺሑ። በብግዜኡ ዝነበሩ ዓሌታት ሰብ ነናቶም ምስሊ፡ ኣቋውማ፡ ቅርጺ፡ ደረጃ ኣተሓሳስባን ዝተፈልየ ኣናብራን ነይሩዎም እዩ። እቲ ዝሓለፈ ነቲ ዝመጽእ መሰረት እናኾነ ይሓልፍ። እቲ ዝመጽእ ከኣ ናቱ ሜላ ኣናብራ እናፈጠረ፡ ንኩነታቱ እናተላመደ፡ ንሽግራቱ እናበደሀ ይኸይድ። ወለዶታት ደቂ-ሰብ በብግዜኡ እናማዕበሉ ዝመጽኡ እዮም።

መጀመርታ ከም ዝኾነ እንሳሳ ጥረ ስጋ ዝበልዕ ዝነበረ ሰብ፡ ብኣስናኑ መንጨቲ ይበልዕ ነይሩ ይኸውን። ድሒሩ ግን ነቲ ስጋ እናመተረ፡ ቅድሚ ናብ ኣፉ ምቕራቡ ከዳቕቖ ከም ዘለዎ ፈሊጡ። ንዕኡ ዘስርሑ መሳርሒታት ከኣ ፈጢሩ። ኣብ ዝተፈላለየ ወገን ናብራኡ ተመሳሳሊ ኣገባብ እናተጠቐመ ይነብር። እቲ መጀመርታ ንኣእምሮኡ ዝመጽኦ ሕቶ ከኣ ህይወቱ ከመይ ገይሩ ከም ዘቕልላ ዘዘኻኽር እዩ። ሓደ ብድሆ ምስ መጽኦ ክሓስብን መፍትሒኡ ክፈጥረሉን እንከሎ፡ ካብቲ ካልእ እንስሳ እናተፈልየን እናማዕበለን መጺኡ። ነቶም በብግዜኡ ህይወቱ ንምቅላል ዘንቀሎም ሓሳባት፡ ኣዝዩ ተነቃፍን ዘይሓያልን ክነሱ ከምቶም ዝጸነቱ እንስሳታት ከይጸነተ ጸኒሑ። ኣብዛ ምድሪ ካብ ዘለው ፍጥረታት'ውን ካብቶም ዝበዝሐ ቊጽሪ ዘለዎም ሓደ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ንክልተ ካብቶም ቀንዲ ብህይወት ከቕጽሉዎ ዝኸኣሉ ዓበይቲ ተርጋእቲ ሓሳባት፡ ዕንክሊልን ላማን፡ ጠቒስና ኔርና። ንሎሚ ከኣ ካልኦት ክልተ ይስዕቡ፤

### 3. ክዳን ወይ ሽፋን

ክዳን ካብቶም ክሰገሩ ዘይክእሉ ጠለባት ወዲ-ሰብ ካብ ዝኾውን ዘመናት ሓሊፉ ኣሎ። ብዘይ ክዳን ክንከደሉ ዘይክእል ግዜ በጺሕና ንርከብ። ቀዳሞት ዓሌት ወዲ-ሰብ፡ ልክዕ ከም ህበይ፡ ኣካላቶም ብጸምሪ ዝተሸፈነ ምንባሩ ይንገር። እዚ ጸምሪ ንኣካሎትም ሙቑት ክፈጥረሎም እንከሎ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ቀጥታዊ ጽልዋ ዘለዎም ባእታታት ድማ ይከላኸል ነይሩ። ጸምሪ ወዲ-ሰብ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናጠፍአ መጺኡ። ሰብ በሊሕ ኣእምሮ ዘለዎ ክሓስብ ዝኽእል እንስሳ ብምዃኑ፡ ነቲ በብእዋኑ ዝመጽእ ኩነታት ከጠዓዕሞ ይኽእል ነይሩ። ሎሚ ክዳን ተኸዲንካ ምኻድ እዩ ንቡር። ኣብቲ ግዜ ከኣ ብዘይ ሽፋን ምኻድ ንቡር ነይሩ። ዝኸደኑ ሰብ ክትርኢ ዘደንቕ ነይሩ ክኸውን ይኽእል።

ሰብ ብተፈጥሮኡ ዋዒ ኣካላቱ ዝሕልወሉ ሜላ ኣለዎ። ረሃጽ ዋዒ ኣካላትና ክንሕሉ ዝሕግዘና ኣጋባብ እዩ። ተመራማሮቲ፡ ሰብ ብረሃጹ መጠን ረስኑ እንተ ዘይሕሉ፡ ሓንጎሉ ምተተኮሰ ነይሩ። ኵሉ ግዜ ድሕሪ ምርሃጽካ ዛሕሊ ይስመዓካ እዩ። ክትክደን'ውን ትደሊ ኢኻ። ሰብ መዓስ ክኽደን ከም ዝጀመረ ብርግጽ ዝፍለጥ ኣይኮነን። ኣብ በዓቲታት ክዕቆቡ፡ ዝስሕኑሉ ሓዊ ምስ ፈጠሩ ከመይ ከም ዝሙወቕ ክፈልጡ ከኣሉ። ቆርበት ዝሃደኑዎም እንስሳታት ኣብ እዋን ዛሕሊ ክኽደኑ ጀሚሮም። እቲ ዘይተነጽየ ቈርበት ይመናናህ ስለ ዘነበረ ከም ድላዮም ገይሮም ክኽደኑዎ ኣይክእሉን ነበሩ።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ፍሎሪዳ ክዳን መዓስ ከም ዝጀመረ ንምፍላጥ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ነይሩ። እቲ መጽናዕቲ ኣብ ናይ ክዳን ቊማል ምርኵስ ብምግባር'ዩ፡ ክዳን ዝጀመረሉ እዋን ክግምት ፈቲኑ። ናይ ክዳን ቊማል ካብ ቅድሚ 83 ክሳብ 170 ሽሕ ዓመታት፡ ኣብ ከባቢ ዘመነ በረድ፡ ኣትሒዙ ከም ዝተራእየ ብመጽናዕቲ ክፈልጡዎ ክኢሎም። ካብዚ ብምብጋስ ክዳን'ውን ኣብቲ ግዜ ዝጀመረ ክኸውን ከም ዝኽእል ይገልጹ። እቲ ኲይኑ እቲ ግን ክዳን ንሰብ ብህይወት ክቕጽል ካብ ዘኽኣሉዎም ኣምራት ሓደ'ዩ።

(ምንጪ፡ Toups et al. + Upton. + Connor.)

### 4. መጽለሊ

ዕንክሊል፡ ላማን ክዳንን ካብቶም ቀዳሞት ወዲ-ሰብ ዝረብሓሎም፡ ህይወቱ ብውሑስ መገዲ ክትቅጽል ካብ ዘኽኣሉዋ ነገራት እዮም። ሰብ ነዞም ኵሎም ነገራት ምሉእ መዓልቲ ሒዙዎም ይኸይድ ደዩ ነይሩ? ኣይኮነን። ሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ንህይወት ቀላል ንምግባራ ካብ ምጽዓር ዓዲ ኣይወዓለን። ህይወት ከቕልሉ እንክብሉ፡ ንክንደይ ርኽበታትን ምህዞታትን ዝሃቡና ስነ-ፍልጠተኛታት ውጽኢቱ እዮም። ናይቲ ግዜ ሰብ ከኣ ንኵሉ ንብረቶም ሒዞም ክጉዩ ኣይነብሩን እዮም። ነታ ህይወቶም ንምቕላል ክበላሓቱ ነይሩዎም።

ነዚ ብድሆ ንምፍታሕ ብዛዕባ መጽለሊ ምሕሳብ ግድን ኰነ። መጽለሊ ከምቶም ካልኦት ሰብ ዝሓሰቦም ዓበይቲ ናይ በይኑ ሓሳብ ኣይኮነን። ኵሎም እንስሳታት'ውን መሕብኢ ዝኾኖም ዝምችኦም ቦታ ክረኽቡ ይጽዕሩ እዮም።



ቀዳሞት ደቂ-ሰብ ከኣ ዝምችኦም መጽለሊ፡ መኸብኢ ደቆምን ቀለቦምን መኽዘኒ ዝኾኖም ቦታ ንምርካብ ሃሰው ይብሉ ነይሮም። ከም ኣዕፉፍ ኣብ ኣግራብ ሰፊሮም ክሰርሑ ሓሲቦም ይኾኑ? ከም ኣዛብእ ጕዳጕዲ ክፍሕሩ ሓሲቦም ይኾኑ?... መወዳእታኡ ግን ምስ ኣፈጣጥራኦም ዝሳነ፡ ዝመችእ ምርጫ በዓቲ ኰይኑ ረኺቦሞ።

ቅድሚ 2.6 ሚልዮን ዓመታት ብእኩብ ዝነብሩ ሰብ መግቦምን ኣቑሑቶምን፡ ኣብ ጓንጓታት ክእክቡ ከም ዝጀመሩ ዝገልጽ ኣሰር ኣሎ። ቅድሚ 800 ሽሕ ዓመታት ሓዊን መጋርያን ተኣታቲዩ። ኣብ ቴራ ኣማታ - ፈረንሳ - ዝተረኽበ ስነ-ጥንታዊ ጭብጢ ከም ዘመልክቶ፡ ወዲ-ሰብ መጽለሊ ክጥቀም ካብ ዝጀምር 400,000 ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። ደቂ-ሰብ መጽለሊ ብምስራሕ ኣብ ከባቢኦም ተነቃፍቲ ካብ ምዃን ክድሕኑ ከለው፡ ንዘሸፈእ ኩነታት ክሰግሩ'ውን ክኢሎም።

(ምንጪ፡ Smithsonian.)

## common mistakes in English

ኣብ እንግሊዝኛ ብተደጋጋሚ ዝርአዩ ጌጋታት

### MISUSED FORMS

UN-ENGLISH EXPRESSIONS

1.Give a mark, not put a mark.

Don't say: The teacher put me a good mark.

Say: The teacher geve me a good mark.

NOTE. Also avoid: "to put a lesson," "to put a goal," "to put punishment." Say instead: "to give a lesson," "to score a goal," "to give punishment."

2. Set a watch by, not put a watch with.

Don't say: I put my watch with the church bell.

Say: I set my watch by the church bell.

3. A watch is slow or fast, not goes behind or in front.

Don't say: My watch goes two minutes behind.

Say: My watch is two minutes slow.

NOTE. We can also say, "My watch loses or gains."

4. Show a film, not play a film.

Don't say: This film will be played shortly.

Say: This film will be shown shortly.

Source: COMMON MISTAKES IN ENGLISH

## ዛንታ ስነ-ፍልጠተኛታትን መሃዝቲን ብሉጻት

## ኣልበርት ኣይነሽታይን

ኣልበርት ኣይነሽታይን ወዲ ሓሙሽተ ዓመት እንከሎ፡ ካብ ኣቦኡ ብሶላ ህያብ ምስ ተዋህበ ኣብ ፊዚክስ ተምሳጥ ክሓድሮ ጀመረ። ወዲ 15 ዓመት ኣብ ዝኾነሉ ትምህርቲ ገዲፉ ምርምራዊ ፈተነታት ክካይድ ጀመረ። እዚ ሎሚ ብ"Albert Einstein's mirror" ዝፍለጥ ንፍጥነት ብርሃን ብመንጽር ዝኾነ ተዓዚቢ ሓደ ምዃኑ ዝገልጽ ኣምር ከጽንዖ ክኢሉ።



1905 ናይ ኣይነስታይን ተኣምራታዊት ዓመት ተናዒላ እትጽዋዕ ዓመት እያ። ኣብዛ ዓመት ሰለስተ ዓበይቲ ሓደስትን ኣቐዲሞም ዝተበገሱን መጽናዕቲ ዘቕረበላ ዓመት እያ። ሓንቲ ካብኣን እዛ ህብብትን ዓባይን ቅማረ $E= mc^2$ እያ። እዛ ቅማረ ኣብ ስነ-ፍልጠት ንብዙሕ ሕቶታት ዝመልሰት እያ። ካብዛ ቅማረ ተበጊስና፡ ርዝነት ኣካልና ምስ ፍጥነት ብርሃን ($3*10^8$ሜ/ካ) ብምርባሕ ክንደይ ዝኣክል ጸዓት ንርከብ። ክንዲኡ ዝኣክል ጸዓት ዘለና'ዶ ይመስለና?

ኣልበርት ኣይነሽታይን ኣብ ፊዚክስ ዓቢ ኣበርክቶ ካብ ዝገብሩ ቀዳሞት እዩ። ኣብ "ፎቶ-ኤለክትሪክ ኢፈክት" ብዝገበሮ ኣበርክቶ ተሸላሚ ሽልማት ኖበል ክኸውን ዝበቕዐ ኣይሁዳዊ ጀርመናዊ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ።

(1879-1955)

"ስሕቦት፡ ኣብ ፍቕሪ ናይ ዝወድቁ ሰባት ተሓታቲ ኣይኮነን።"

- ኣልበርት ኣይነሽታይን

መዓልታዊት ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ
ሳምሶን ሃይለ
ቁ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቁ.ስ 201820(2212)
ፋክስ 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ. 200454 - 07121322

ምልክታ
ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ
ዮሃንስ ሃይለ
ምስጋና ተዓገስ




# ምውርራስ ... ብመዛኑ

ቅድሚ ሕጂ 'ብዙሕነት ጸጋ ባህልና - ክብርና'፡ 'ሳዋ ዋሕስ ክብርና'፡ 'ሳዋ መዲና መንእሰያት' ዝብሉ ኣምርራት ብዙሕ ኣይስተማቐሩለይን እየም ነይሮም። እንተሕጂ ግን ምርኣይ ምእማን ብምዃኑ ምስምቓርን ምድህሳስን ድማ ካብ እምነት ምዃናም፡ ኣብዚ ቀረባ መዓልታተይ'የ ተገዚበ። ቅድሚ ሰሙን ኣብሉ ይኸውን ሓደ መሴ ዝበሃል ዓርከይ ንሓደ ኣሕመድ ዝበሃል ወዲ ማሰርዐይ ብፍሉይ-ጥሕፈ በጸበጹ ብሸኾትን ዳፍቆሎን ሓዋዊሱ ምስ ዛኑ ልወሃሙ ዓዘዙፈ ብዙሕ'የ ተሓጉሰ። ስለምንታይ ንዕኡ ጥራይ ብሸፀዚ ዝበለ ክብሪ ከምዝዐንገሎ ንዓይ'ውን ኣይበርሃለይን። ኣዕሩኽ ስለዝኾኑ እየም፡ ኣለ ክየመኽኒ ድማ ከምደቂ ሓደሊ እምበር ከም ኣዕሩኽ ከመሳሰሉም ዝኽእል ነገቢ ኣይረኣኹሉምን።

መሴ ዓርከይ ኣብ'ታ መዓልቲ ብሕማም ምኽንያት'ኳ ካብ ታዕለም ተሪፉ እንተወዓለ ንዓይ እምበር ንኣሕመድ ሸዓይ ቀረቡ ክጽንሕ ሲ ብዙሕ ግምት ከይሃብክዎ ዝጸናሕኩ ነገቢ'ዩ ነይሩ። እቲ ካብ ሜዳ ሰልፊ ምጽኡ ምስ በልና ዝጀመረ ዕላሎም ምሉእ ምሸት ስለዝቐጸለ ቅሩብ ጸምዋ ኣጥቂዑኒ ኣምሰዩ'ዩ። ወረግ ቅሩብ ሲ ቀኒኣ'ዩ፡ ዘይቀንእ ኣይወለደ ዲኹም ዝበልኩም? እወ ሓቅኹም ዘይቀንእ ኣይወለደ። ንጽባቐ ዘበህግ ቅንኢ ክጥጥዕ ይግባእ'ዩ። ድሕርና ምስ ተራኺብና ብዝዕባቲ ክሓስበሉ ዘምሰኹ ሓሳብ ኣየልዓልኩሉን። ምኽንያቱ ንምንታይ ንዓይ ከ ዘይገበርካለይ ክዩሰምዕ ስለዝተሰከፍኩ ትም'የ መሪጸ። መዓልታት ብመዓልታት ተተኪኡ ብኣዋርሓት ምስ ተቐየረ፡ በዓል ቅዱስ የሃንስ ደበኽ በለ።

ኣብ ሳዋ ዝኾኑት በዓል ትዕበ ትንኣስ ብዘይዓገደስ ኣብ መንጎ ተማሃሮ ኣዝዩ ምዕሩግ ዝኾነ ሓድነትን ፍቕርን ስለእትፈጥር ብኸብ ዝበለ ኣገባብ'ያ እትብዓል። ሓይልና እውን ነቲ ዓቢ በዓል ዝኾነ ቅዱስ የሃንስ ንምብዓል ንሳልስቲ ዝኣክል ዓቢ ምድላዋት እያ ክትገብር ቀንያ።

ዝተፈላለዩ ንግቡኛ ዝኾኑ ንበረት ዝገዝኡ፡ ስለጥበበዊ ስርሓት ዘዳልዉ ጸባቓ መድረኽ ዝሕልዉ ኮታ ኩሉ ኣባል ነቲ በዓል ብልዑል ብቐዓት ንምእንጋድ ኣብ ኣዝዩ ጽዑቕ ንጥፈታት ተጸሚዱ ደረኡ። ኣነ ሓደ ካብቶም ስነጥበበዊ ስርሓት ንምስልሳል ዝተመረጽኩ ሰባት እየ ነይረ። ጉጅለና ብኣዝዮም ሓያላት ንተመኩሮ ዝበርሃምን ኣብላት መለእ ብምንባሩ ኣብቲ ማሕንቆ ናይ ግዜ ዝበርዐ ቦታ ክይተረፈ ጸቡቕ ስራሕ ከምዝሰርሑ ይጠራጠር ኣይነበርኩን። በቲ ኣብ ሳዋ ዝተመሃርክዎ ምስ ግዜ ብምጉያይን ብልዑል ድርኺት ተሓጊዝና ጸቡቕ መደባት ከሎዓሉ ኣይተጸገምናን።

ሓይልና በቲ ዝቐረበ መደብ ብሱሓቕ ክትከርተም ሕጂ ኩይኑ'ዩ ዝረኣየኒ። እየም ተዋሳእቲ ኣብቲ ናይ ተዋስኦ መድረኽ ዘንጸብርቕዎ ክእለት ደብል'ዩ ዝብል። ብፍላይ እቲ ከም ሓንቲ ኣደ ኣብ ሃገረሰብ እትትኣበር ባህሪ-ኣደ ብዘረ ትግርኛ፡ ሐዘ፡ ዝተዋስአ ወዲ-ዓፋር ንምልእቲ ሓይሊ ብሱሓቕ ከስቲርዋ እዩ። ኣነ ኣብታ ትቐርብ ዝበረት ድራማ ወላ ሓንቲ ተራ ስለዘይነበረኒ ጸቡቕ ገይረ ከስተማቕራ ዕድል ረኺበ። እቲ ካብ ብዘረ ዓፋር ዝመጸ መሓመድ በቲ ኣብ ሳዋ ዘማዕበሎ ክእለት ቋንቋ ትግርኛ ክዋሳእ ክትርኢ ከለኻ ዝፈጥረልካ ባህታን እተስተማቕሮ ጸባቐን ደረት የብሉን። ብፍላይ በቲ ጺያፍን ዝተቀራረጸ ቃላትን ዘወጽኦ መልሓሱን ዘስሕቕ ነገር ክትሰምዕ ዘየስሕቕ መዓስ ኩይኑ፡ ሰቦት ንጸባቐ ህይወት ብዝተፈላለዩ ኣገባብ ይገልጽዎ ይኾኑ፡ ንዓን ግን ልዕሊ'ዚ ጸባቐ ኣይረኣየንን'ዩ። ጸባቐ ንዓይ ንኽብረታተይ ኣድሚቑ ኣብ መላእ ሰብነተይ ዕግበት ዝነሰነሰለይ እንተኩይኑ'ዩ ወዛ ዘበለ ጸባቐ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ደሙቕ ናይ ፍስሃ እዋን ድማ'ዩ ኣሕመድ ናባይ ቀሪቡ ከዋግዓኒ ዝጀመረ። ጸቡቕ ስራሕ ሰሪሕኩም ዝዓርከይ መዓረይ ብምባል ድማ ዕላል ከፈተለይ። ኣይ ኣየናይ ስራሕ ኩይኑ ወደይ'ዚ ድሓር ድማ ብዛታዛታ ዝሰራሕ ዶ ስራሕ ገይርኻዮ? ትርእዮ ኣለኻ ኣብዚ ቦታ'ዚ ግዜ ዝበሃል የለን። ይተረፍ ንማዘናግዒ ዝኸውን መደብ ከተዳልው ዓቢ ቁምነገር ዘለዎ መደብ ክትሰርሕ ከማን ግዜ ኣይርከበን'ዩ። ብሓፈሻ ግን ፈቲናዮ'ዩ ዝበሃል። ብልቢ ከምስገኑ ዝግበኦም ድማ እዞም ተዋሳእቲ'ዮም፡ ብምባል ካብታ ዘይትግበኣኒ መጎስ ንእሹተይ ብምስራቕ ንዓይ ኣትረፍኩ። ናእ ከምኡ ኣይትበል ዝዓርከይ። ንጸባቕ ባህልና ዘንጸብርቕ ስለጥበበዊ ስራሕ ክትሰርሕ መዓስ ቀሊል ኩይኑ ድማ በሲ ህድእ ኢሉ።

ሐደት ካልኣታትድሕሪ ምዕራፍ ድማ ዘረባኡ ቀጸሉ፡ ሰሚዕካ ኣለኻ፡ ዝዓርከይ፡ ብቅዳማይ መሴ ጸም ወዓለ ከፍጥር ከለኹ ዘምጽኣለይ ሸሻይ ንተሓጋግዚ ባህርያትና ዘንጸብርቕ ኣጋጣሚ'ዩ ነይሩ። ባህልና ዝሃጸ ዓቢ ክብሪ ከምዝለና ድማ ተገዚበ። ድሕሪኡ'የ ድማ ኣብ ባህልን ክብርን ሓድነትና ዝተሃንጸ ክብርና ክግደስ ዝጀመርኩ። ናይ ወዲ ዓፋር ድራማ ድማ ንእሹቶይ ካብቲ ዓቢ ብድልድል ሓድነትና ዝተሃንጸ ክብርና ኢዩ። እዚ'ዩ ድማ ኣዝዩ ደስ ዘብል ጸባቑ ከኣ በለኒ። ኣነ'ውን በቲ ዝበሎ ኣይተጠራጠርኩን። ብፍሸኽታ ተሰንዩ ድማ ነቲ ሓጎስ ምስኡ ክጽንብሎ ምተገበኣኒ። ግን እታ መሴ ዓርከይ ብዘበራ ተግባር ዝተሰመዓትኒ ቅንኢ፡ ኣሰኪፋትኒ ድሕሪ ክጥምቶ ኣይክኣልኩን። ኣብ ህይወት እቲ ዝዓበየ ነገር ኩይኑ ዝስመዓኒ ክብሪ'ዩ። እቲ ዝዓበየ ነገር ኢልካ ትኣምነሉ ብዘየገድእ ኣብ ወሸጥኻ ክሰርጽ ክትዕዘዮ ከለኻ ዝፈጥረልካ ደስታ ድማ ቀሊል ኣይኮነን። ኣነ ኣብ ምስትማቓር ጥሑለ እናተጓዓዝኩ እንከለኹ ድራማ ናይ በዓል ወዲ ዓፋር ድማ ብውሕሉል ኣገባብ ትቐጽል ነይራ። እቲ ዋሕስ ክብርና ዝኾነ ባህልና ድማ ብመንገዲ ስነጥበበዊ ስርሓት ክንጸብረቕ ኣምስዩ። ኣዝዩ ደስ ዘብል ምሸት ድማ ነይሩ።

ሚከኤል በርሀ

# ምኽሪ ሰንበት

## ቅንኢ ክፍወስ ይኽእል ዶ?

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፣ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂሞቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንእሰ ዓምዲ "ምኽሪ ሰንበት" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት ኢያ እትምልስ።



ደዋሊ፦ ሄለው ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደዩ?

ኣማኻሪት፦ እወ ጸቡቕ ኣለኹ፡ መን ክብል?

ደዋሊ፦ ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ፡ ወዲ 28 ዓመት መንእሰይ ኩይ፡ ናይ ኮሌጅ ትምህርተይ ወዲአ ተመሪቐ ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፊረ ይርከብ።

ኣማኻሪት፦ ጸቡቕ፡ እሞ እንታይ ክሰምዓካ?

ደዋሊ፦ ምስ ሰብ ክሳኒ ዘይክእል፡ ንውሽጠይ ድማ ሰላም ዘኽእል ባህሪ ኣሎኒ።

ኣማኻሪት፦ ከመይ ማለትካ'ዩ?

ደዋሊ፦ ዝሓለፈ ብርቱዕ ናይ ቅንኢ ስምዒት ኣሎኒ።

ኣማኻሪት፦ ብሓፈሽኡ ቅንኢ ክበሃል ከሎ ክልተ ዓይነት'ዩ ዘሎ። ቅዱስን ዘይቅዱስን ቅንኢ ድማ ይበሃል። ቅዱስ ቅንኢ ክበሃል ከሎ ጸቡቕ ስርሓትን ሃናጺ ርእይቶን ምስ ትርእን ትሰምዕን ኣብ ልዕሊኡ ኣድናቖት ይህልወካ'ሞ፡ ዝያዳ ንኽትሰርሖን ክትጽዕርን ትተባባዕ። እቲ ካልኣይ ዓይነት ቅንኢ ዝበልናዮ ድማ ዘይቅዱስ ቅንኢ ግን ብትርእዮ ጸቡቕ ስርሓትን ሃናጺ ሓሳባትን ኣብ ክንዲ ምሕጓስን ኣድናቖት ምሃብን ምሕሳድ ምንእኣስ ኩይኑ ንኣእምሮኻ ጁሆ ብምሓዝ ዘድስክል ኣዕናዊ ስምዒት እዩ። ስለ'ዚ ናይ ቅንኢ ስምዒት ኣሎኒ ክትብል ከለኻ ከመይ ማለትካ ኢኻ? እስከ ኣስፊሕ ኣብልካ ግለጸለይ?

ደዋሊ፦ ኣብ ከባቢያይ ካብይ ዝበልጽ ልዕለይ ዓቕሚ ዘለዎ ሰብ እንተ ድኣ ኣሎ፡ ብጣዕሚ'የ ዝርበሽ ክጸሮ ዘይክእል ቅንኢ ይስመዓኒ። ነቲ ሰብ ድማ ካብ መጠን ንላዕሊ'የ ዝጸልኦ።

ኣማኻሪት፦ ካብ ኮሌጅ ትምህርትኻ ዛዚምካ ኣብ ስራሕ ተዋፊርካ ከም ዘለኻ ሓቢርካኒ ኔርካ። በዚ ዘለኻ ደረጃ ዕጉብ ኣይኮንካን ዲኻ?

ደዋሊ፦ ብትምህርተይን ረኺበዮ ዘለኹ ፍልጠትን ዕጉብ'የ። ከም ዓቕሚ ኮማን (ባዕለይ ድኣ ንኡብሰይ ይንእድ ከይህሉ ድኣ'ንበር) ጸቡቕ ዓቕሚ ዘሎኒ ተወዳዳሪ እየ።

ኣማኻሪት፦ ተወዳዳሪ'የ ክትብል ከለኻ ከመይ ማለትካ ኢኻ?

ደዋሊ፦ ኣብ ኣካዳምያዊ ነገባይ ሰቓሊ'የ ነይረ። ሕጂ እውን ኣብ'ዚ ተዋፊረሉ ዘለኹ ስራሕ ብዘሎኒ ስሉጥነትን ኣድማዕነትን ብመሳርሕተይ ኩሉ ኣስራሕተይ ምስጉን እየ።

ኣማኻሪት፦ ኣብ ትምህርትኻ ዕዉት ማለት ብጸቡቕ ነገቢ ዝወጻእካ፡ ኣብ ዝተዋፈርካሉ ስራሕ ዓለም ብቕዓትካ ዘርኣኻ እንተድኣ ኩይንካ ድኣ እንታይ'ዩ እቲ ዘቐንእካ ዘሎ። ኣብ ህይወትካ እንታይ ጉዲሉኒ ትብሎ ነገር ኣሎ ደዩ? ማሕበራዊ ሂወትካ ቁጠባዊ ኩነታቱ ከመይ ደዩ?

ደዋሊ፦ ቁጠባዊ ኩነታትና ድሓን'ዩ። ቅድሚ ገለ ዓመታት ጸገም ቁጠባዊ መኻበርቶ ነይሩና። ሕጂ እዚዮዝር ይመስገን ድሓን ኣለና። ኣብ ካልእ ማሕበራዊ ህይወተይ ድማ ዝኾነ ጸገም የብለይን። ምስ ኣዕሩኽተይ ጸቡቕ ዝምድና እዩ ዘሎኒ። ምስ ቤተሰበይ ብዙሕ ኣይቀርብን እየ። ኣብ ዓበይቲ ማሕበራዊ ኣጋጣሚታት ጥራሕ ኢና ንሽጻሕ።

ኣማኻሪት፦ ቁጠባዊ ኩነታት ናይ'ቶም ቤተሰብኩም ከመይ ደዩ?

ደዋሊ፦ መብዛሕትኦም ጸቡቕ ቁጠባዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ሰበጺጋ እዮም።

ኣማኻሪት፦ ኣብ ፈለማ ዕላልና ከም ዝሓበርካኒ፡ ኣብ ከባቢያይ ካብይ ንላዕሊ ዓቕሚ ዘለዎ ሰብ ምስ ዝህሉ ቅንኢ ይስምዓኒ ኢልካኒ። እቲ ሰብ ካብኻ ንላዕሊ ዓቕሚ ከም ዘለዎ ብኸመይ ትፈልጦ?

ደዋሊ፦ ንኣብነት ኣብ ስርሐይ ወይ ናይ ሓባር ዘተ ኣብ ዝህልወሉ ኣጋጣሚ፡ እቲ ዝበለጸ ወይ ዓቢላሊ ርእይቶ ናተይ ክኸውን እደሊ። ካብይ ንላዕሊ ወይ ዝበልጽ ምስ ዝህሉ ግን ብጣዕሚ ይሓርቐ።

ኣማኻሪት፦ እቲ ሰብ ከ ይፈልጠካ ዶ?

ደዋሊ፦ ከይፍለጥ ብዘዘተኻእለ መጠን፡ ናይ ቅንኢ ስምዒተይ ክሓብእ'የ ዝፍትን። ዝያዳ ንኡብሰይ እየ ዝሰኣ። ናይ ቅንኢ ስምዒት ቀልጢፉ ኣይወጸለይን እዩ፡ ኣብ ግዚይ ኣብ መደቀሰየይ ከይተረፈ ብእኡ ስለ ዝሓስብ ከይደቀስኩ ይሓድርን ሕማቕ ይውዕለን።

ኣማኻሪት፦ ብዛዕባ እንታይ ትሓስብ?

ደዋሊ፦ ብዛዕባቲ ዝበረ ኩነታት። ንምንታይ ዝያዳ ኣነ ክርኣ ተቐባልነት ክረኽብ ዘይክኣልኩ ይጭነቐ። ንድሕሪ ሕጂ ድማ ዝያዳ ክጽዕር ኣሎኒ ዝብል ሓሳባትን ካልእ ምስ ኑብሰይ ብዙሕ ውረድ ደይብ ክብል ይሓድር።

ኣማኻሪት፦ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብርእይቶ ይኹን ብዝግበር ክሓልፈካ ኣይትደልይን ኢኻ ማለት'ዩ?

ደዋሊ፦ ማለት'ሲ ኣብ'ቲ ሞያይ ብሉጽ ኩይነ ክርኣ'የ ዝደሊ!

ኣማኻሪት፦ በቲ ሞያኻ ብሉጽ ስለ ዝኾንካ ብጸቡቕ ነገቢ (ሰቓሊ) ተመሪቕካ፡ ከም'ኡ እውን ኣብ ስራሕካ ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለካን ብሓለፍትኻ ምስጉንን ምዃንካን ገሊጽካለይ። ካብ'ዚ ንላዕሊ እንታይ ደሊኻ? እዚ ክትፈልጦ ኣሎካ፡ ብሉጽን ዕዉትን ምዃንካ ንኡብሰኻ ደጋጊምካ ኣረጋግጽካ። ሓደ ነገር ክትርድኦ ዘለካ ኣብ ዝኾነ ናይ ሰባት እኩብ ርእይቶኻ ዝያዳ ቅቡል ንክኸውን ብዙሕ ምጽዓር፡ ብቕዓት ከም ዘለካ ዘርኢ። ዘይኮነ ብፍልጠትካ ከም ዘይትተኣማመን'ዩ ዘርኢ። ፍልጠትካ ኣብ ውሽጥኻ ስለዘሎ፡ ሮግኢ ክትብል ክትክእል ኣሎካ።

ደዋሊ፦ ብኸመይ'የ እሞ ነቲ ዘሎኒ ቅንኢ ከወግዶ ዝኽእል?

ኣማኻሪት፦ ዘይቅዱስ ቅንኢ ኣሉታዊ ስምዒት'ዩ። ኣሉታዊ ስምዒት ካብ ኣሉታዊ ሓሳባት'ዩ ዝቕል። ኣተሓሳስባኻ ብኣወንታዊ ሓሳባት ጥራሕ'ዩ ክቕየር ዝኽእል። ንሸኻ ዝኢ ወዲንካዮ ዘሎኻ ሞያ ወይ ፍልጠት ክትሕዝ ዝኸኣልካ ካልኦት ፈላጦት ስለ ዝመሃሩኻ እዩ። ኣብ ከባቢኻ ፈላጦት ሰባት ምህላዎም፡ ሓጎስ ክሰምዓካ ኣለዎ። ምኽንያቱ ሓገዝቲ ኢኻ ትረኽብ ዘለኻ። ዘይቅዱስ ቅንኢ ካብ ዝኾነ ሰብ ንላዕሊ ንምዃን ክዝሰዮካ። እዚ ዘለኻ ብቕዓት እውን ከይተረፈ ብኣሉታ ክጽሎ ይኽእል እዩ። ሸዑ እዩም ትቐንኣሎም ሰባት ብጠዘዓጸዲ ክሓልፉኻ እዮም። ነቲ ዘለካ ፍልጠት ክትዕቅብን ከተዕምቖን እንተኾይንካ፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብዘይ ኣፈላላይ ክትመሃር ፈትን። ኣፍቅሮም። ሰባት ዝተፈላለየ ኣረኣእያን ተውህቦን ስለ ዘለና፡ ነዚ ፍልልይ ኣብ ረብሓኻ ከተውዕሎ፡ እንተኽኢልካ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ዓወታት ከተድንቖን ከተፍቅሮን ኣሎካ። እዚ ድማ ብሮግጽ ንዓኻ ዘርብሕ ክኸውን እዩ።

ደዋሊ፦ ስለ'ቲ ሓጊዝ ሓሳብትኪ ብጣዕሚ የመስግነኪ። የቐንየለይ።

# ተኹላ ከተማ

መበል 35 ክፋል

**ተኹላ ከተማ፡ ኣብ 2004 ሃማመተኤ ብስም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝዳደሞ ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ወድድር፡ ከሎቴል ብዙበል ኣርእስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።**



ብንያም ፍስሃጽዮን

ስድራ እንዳ ኣቶ ምናሴ ብጉዳይ ፋኑኤል ኣብ ሓሳብ ኣቢ ትኣቱ መዓልትታት ተቐጺሮም'የም። ኣብታ ስድራ ዝነበረ ዘቐንእ ፍቕሪ ድሕሪ'ቲ ንፋኑኤል ዘጋጠመ ሓደጋ ነበረ'ያ ነበረ ኩይኑ'ዩ። ኣብ መንጎ ኣቶ ምናሴን ጓሉን ናይ ሓሳብ ፍልልይ ተኸሲቱ ዘለዓል ዕላል ብዘይመደምደምታ ክዛዘም ጀሚሩ ነበረ። ሽዑ'ዉን ከም ዝሓለፈ መደምደምታ ዘይብሉ ዕላል ዝተላዕለ ይመስል ነበረ። "እንታይ'ሞ ክንብል ኢና?" ኣድመጸት ሚካያ ብጉዳይ ኣፍቃሪኣ ሓዘን እናተሰምዓ።

"ኣነ ምስማዕ ደኣ ኣቢኺ እምበር እዚ ወዲ ምሳኺ ኣብ ዝቐርብ ንደሓር ክመጽኣና ገሚትናዮ ዘይንፈልጥ ሓደጋ የንጸላልወና ኣሎ። እዚ ትኽሕድዮ ኣይብልን'የ።" ኣቶ ምናሴ ዘይዕግበቱ ገለጸ። "ሱብ ድማ ፈለማ ናቱ'ምበር ናይ እንዳማቱ ሽግር ክፈትሕ ኣብዚ ዓለም ኣይተፈጥረን።"

"ትብሎ ዘለኻ ይርደኣኒ ኣሎ ባባ" በለት ሚካያ ብዉሽጣ ንዘረባ ኣቦኣ ምሉእ ብምሉእ እናነጸገት። ኣብ ልዕሊ ፋኑኤል ዘለዋ ፍቕሪ ንዘኸሉ ኣንጻሩ ዝዘረብ ዝሰምዕ ኣይኮነን። "ፋኑኤል ጸገም ስለ ዘጋጠሞ ክንርሕቖ ኣለና ማለትካ ድዩ ባባ?" መልሲ ከም ትጽበ ንኣቦኣ ጠሚተቶ። ኣቶ ምናሴ ግና ዘይዕግበቱ ዝገልጽ ምንቅስቓስ ኣርእዩ ርእሱ ናብ ምሕካኽ'ዩ ኣድሂቡ። "ኩሉ ግዜ ትብላ ዘረባ ኣላትካ ባባ፡ 'ሱብ ሽግር'ምበር ራህዋ ኣየብልሖን'ዩ' ትብል። ፋኑኤል ድማ ልክዕ'ዩ ኣብ ቁጽጽሩ ወጻኢ ሽግር ኣጋጢምዎ ኣሎ። ሕጂ ሽግር ስለ ዘጋጠሞ ክርሕቖ ኣለኒ ማለትካ ድዩ? እዚ ናይ ፋኑኤል ሽግር ስለምንታይ ኢኻ ከም መወሰኺ ብልሒ ክትርእዮ ዘይትደሊ?"

"ዝገጥመካ ሽግር ወሳኒ'ዩ ሚካያ። ፋኑኤል ግና ምስ መን ከም ዝገጠመ ኣይፈለጠን ዘሎ። ከም ብዕራይ ምስ ሓራዲኡ ዝወዕል ዘሎ መንእሰይ'ዩ። ሃተፍተፍ ይብል ከም ዘሎ ንኣደኺ ኣይነገርክዮን ዲኺ? ዝመርሓ ማኪና ዘይፈልጥ ሱብ ከመይ ገይሩ ስቴርሶ መምርሒ ህይወት ይህልዎ? ኩሉ ነገር ዝተደናገሮ ኩይኑ'ዩ ዝስመዓኒ ዘሎ። ኣዕሊለዮ ስለ ዝነበርኩ ድማ ጽቡቕ ገይረ ገምጊመዮ'የ። ኣምጽእዮ እንዶ ብሓባር ክንረዳዳእ። ስምረት ሱቕ እባ ኣይትብሊ። ይጋገ እንተለኹ ትጋገ ኣለኻ በልኒ፡ እንተዘይኮነ ድማ ንሚካያ ኣረድእያ።" ኣቶ ምናሴ ነታ ሙብዛሕትኡ እዋን ኣብ ምዝራብ ሰቕታ ትመርጽ በዓልቲ ቤቱ ገለ ክትብል ሓተታ። "ንሕና ዲና ንጋገ ዘለና ንሳ ርእይቶኺ ሃቢ።"

"ምርድዳእ ዲና ስኢና ባባ?"

"እወ፣ ከምኡ እንተዘይከዉን እሞ ንዘረባይ ሰሚዕኪ ምተግበርክዮ ነይርኪ።"

"እንታይ'የ ክትግብር ባባ?"

"እዚ ወዲ'ዚ ስለ ዘይኮኑኺ ትገድፍዮ። ንኡብሱ ዘይኮነ ንዓኺ ክኸዉን ኣይክእልን'ዩ። ኑብሱ ክሕግዝ ዘይክእል መንእሰይ ኣብ ሓዳር ዝሕግዘኪ ኣለዎ ትብሊ እንተኾንኪ ትጋገዩ ኣለኺ እብል ኣለኹ።"

"ባባ በጃኻ ከምኡ ኣይትብለኒ!" እንተሓሪቓ ዝሰዕራ ንብዓት ኣብ ምዕጉርታ ኮረር በለ። "ፋኑኤል ይኹኒ ኢለ ዝመረጽክዎ መንእሰይ'ዩ። ክገድፎ እንተኾይነ ድማ ኣብ ጸገሙ ኣይኮንኩን ዝገድፎ። ኣይኮነክን'ዩ ትብል እንተሊኻ ካብዚ ጸገም ሓራ ምስ ኩነ ክገድፎ እኽእል'የ። ኣብ ጸገም እንከሎ ግና ግደፍዮ ኣይትበለኒ።"

"ሚካያ!" ዘረባ ጓሉ ኣቋረጾ። "እንታይ ዓይነት ዘረባ'ዩ እዚ! ኣነ ኣካይዳ ፋኑኤል ደስ ስለ ዘይበለኒ'የ ደጋጊመ ዝዛረብ ዘለኹ። ደሓን ትብሊ እንተኾንኪ ግና ድላይኪ ግበሪ። ፋኑኤል ጸገሙ እንታይ ምኳኑ ትፈልጢ ዲኺ?"

"እዚ ንርእዮ ዘለና ዶ ኣይኮነን?"

"እንድዒ ንስኺ ንገርኒ'ምበር።"

"ኣነ ካልእ ሽግር ኣይፈልጠሉን'የ። ጸገም ናይ ፋኑኤል ፍርሒ'ዩ። ኣብ ልዕሊ ሓላፊኡ ክቱር ራዕዲ ኣለዎ። ሓላፊ ግና ክኹብር'ምበር ክፍራሕ የብሉን። ዝፍራሕ ሓላፊ ብቑዓት ሰራሕተኛታት ከፍሪ ዓቕሚ የብሉን። ምኽንያቱ ፍርሒ ምጥርጣር'ምበር እምነት ኣይፈጥርን'ዩ። ዘይኣመነ ሰራሕተኛ ድማ ብቕዓቱ ኣየፍስስን'ዩ። ጸገሙ እዚ ምኳኑ ኣይትፈልጥን?"

"ኣይፈለጥኩን ባባ!"

"እሞ ፍለጢ!"

***

ኣቡቲ ናይ ሕሙማት መደቀሲ ክፍሊ፡ ፖሊስ ያሬድ ምስ ኣተወ ንሳምራዊ ክርእዩ ተኣኻኺቦም ዝጸንሑ ቤተ ዘመድ ቡብሓደ ክወጹ ተራእዩ። "መርማሪ ፖሊስ ያሬድ እበሃል። ፖሊስ ያሬድ በይናም ምስ ተረፉ መንኑቱ ኣላለየ። "ነዚ ጉዳይካ ክከታተል ዝተመዘዘኩ መኮነን'የ። ደሓን ከም ዘለኻ ዶክተር ምስ ነገረኒ'የ ክዘራርበካ ተበጊሰ። ጥዕናኻ ይመሓየሽዶ ኣሎ?"

"ደሓን'የ ፖሊስ፣ ከመይ ኣለኻ? ዶክተር ኣቐዲሙ ብዛዕባኻ ሓቢሩኒ ነይሩ። ሰሓቦ እቲ መንበር ኩፍ በል።"

"ኦኬ!" ፖሊስ ያሬድ መንበር ስሒቡ ተቐመጠ።

"ምስ በዓልቲ ቤትካ ተራኺብና ኔርና። ንስኻ ኣብ ዕዉለት ስለ ዝነበርካ ከዘራርበካ ኣይከኣልኩን። ዝኾነ ኹይኑ እንቋዕ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ጸናሕካኒ" ብምባል ዝጽሕፈሉ ደብተር ኣዳለወ። "ደሓን ስለ ዘለኻ ክነዕልል ንኽእል ኢና መሰለኒ?" ፍቓድ ከይሓተተ ናብ ሕቶታቱ ክኣቱ ኣይደለየን።

"እወ ይከኣል'ዩ" ተሰማምዐ ሳምራዊ።

***

ብርኽቲ እቲ ኣብ ኢዳ ዝነበረ ለዓት ተሌፎን ኣልዒላ ዳግማይ ናብ ቦታኡ መለሰቶ። ንመናድቕ ናይቲ ዝነበረቶ ክፍሊ ትብዓት ከም ትረኽበሉ ኣፍጢጣ ኣዒንታ ተኸለትሉ። ሓሳባ ከይፈጸመት ቅሳነት ከም ዘይትረክብ ተረዲእዋ ኣብ ሳሎን የማን ጸጋም ተዘዋወረት። ኣቡቲ ገፌሕ ቪላ በይና ምንባራ ቁሩብ ቅሳነት ለጊሱላ'ዩ። 'ደዊለ ግና እንታይ ክብሎ'የ?' ኑብሳ ሓተተት። 'ንሱኸ እንታይ ኩይኑ ዘይደወለ?' ዝያድኡ ተረቲዓ ከይትህሎ ስግኣት እናሓደራ ዘይትምልሶም ሕቶታት ኣገማድሐት። 'እዋይ ኣነ ብርኽቲ!' ስዕረታ ምቕባል ሕመቕ ኩይኑ ተሰምዓ። ኩለንተናኡ ናብ ዝመሰጣ ዳዊት'ያ ክትድወል ነግ ፈረግ ትብል ነይራ። ኣብ ዝቐረቡቶም ደቂ ተባዕትዮ ዋጋ ከም ዘለዋ ዝሓበራ ሓደ ንሱ ጥራይ ኩይኑ'ዩ ዝስመዓ ነይሩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ'ያ ልባ ጋህ ኣቢላ ተቐቢላቶ። 'ነጥሪ ደኣ ዘይ መጻወቲ'ዩ ዝገበረኒ ዘሎ' ንፈለማ እዋን ጣዕሳኣ ገለጸት።

ብርኽቲ ናብ ተሌፎን ክትቀርብ ትብዓት ኣይረኸበትን። ድሕሪ ምድዋል እንታይ ኢላ ከም ተዐልል'ዉን ኣይፈለጠን። 'ፍቕሪ ከምኡ ድዩ ዝጉብር?' ኑብሳ ሓተተት። ዳዊት ዝሓለፈ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ሕልማ እናመጸኣ ክረኢያ'ዩ ቀንዩ። ሎምዶ ጽባሕ ይድዉል እናበለት ከም ዘይተጸበየት ግና ሓሳብ ልባ ኣይሰመረላን። ሃንደበት ጭር ዝበለ ድምጺ ልባ ፈግ ኣቢሉ ሓሳባ መዕገቲ ገበረሉ። ልቢ ብርኽቲ ከም ሰንቢዳ ናብ ሰማያ ዝተወንጨፈት ዑፍ ብር በለት ኣብ ዝነበረቶ። 'ኦሮማይ!' ዘይምድዋላ እናጠዓሳ ማዕጾ ክትከፍት ቀልጢፋ ሳሎን ገዲፋ ወጸት። "ከመይ ዉዒልኪ?" ነጥሪ እናተጸበየት ኣብ ቅድሚኣ ዝረኣየቶ ሱብ ኣቶ ዘርእዝጊ ብምኳኑ ናብ ኣእምሮኣ ክትል ዝበለ ሕርቓን ተቓሊሳ ክትመልሶ ነይርዋ። ግና ምስ ኣቶ ዘርእዝጊ፡ ፋኑኤል ምንባሩ ምስ ኣረጋገጸት ቀልጢፋ ስምዒታ ቀየረት።

"ከመይ ዉዒልኩም?" ኣብ ኣቶ ዘርእዝጊ ንላዕሊ ኣዒንታ ዝያዳ ኣብ ልዕሊ ፋኑኤል ተኺላ ኣድመጸት። ክልቲኦም ብሓባር ናብቲ ቤት ምምጻኦም ንብርኽቲ ዝገርም ኣይነበረን። እቲ ቤት ናይ ነጥሪ መንበሪ ጥራይ ዘይኮነ እንትላይ መዋፈሪ ስራሕ ምኳኑ ትፈልጥ'ያ። "ኣንታ ፋኑኤል ደኣ ኣለኻ ዲኻ?" ኣድመጸት ኩነ ኢላ ንዘርእዝጊ እናጕሰየት።

"ኣለና ብርኽቲ ሓፍተይ!" እናበለ ክስዕማ ቀረባ። ንሳቶም እናተሰዓዓሙ ኣቶ ዘርእዝጊ ገዲፍዎም ንዉሽጢ ኣምርሐ። "ስራሕ ከመይ ኣሎ?"

"ደሓን'ዩ ፋኑኤል ሓወይ! እንታይ ደኣ ክንድዚ ምጥፋእ?" ንኽኣቱ ማዕጾ እናገደፈት ሓተተቶ። ኣቶ ዘርእዝጊ ድሮ ናብ ሳሎን ዘኣቱ መሳልል ሒዙ ነበረ።

"ኣለና'ምበር ብርኽቲ!" ንኣቶ ዘርእዝጊ እናተኸተለ መለሰ። ኣቶ ዘርእዝጊ'ዩ 'ደልየካ ኣለኹ' ኢሉ ናብ እንዳ ነጥሪ ሒዝዎ መጺኡ። 'እንታይ'ዩ ደልዩኒ?' ዝብል ሕቶ ድማ ኣይተመለሰሉን።

***

"ወዲ ፋሲል መን'ዩ?" መርማሪ ፖሊስ ያሬድ ምስ ሳምራዊ ዝጀመሮ ሕቶን መልስን ቀጸለ። ንብዙሕ ሕቶታቱ ዘዕግብ መልሲ ረኺብሉም'ዩ።

ሳምራዊ ሓሓሊፉ ቃንዛ ስለ ዝጉብረሉ ንገለ ካልኢታት ኣዒንቱ ዓሚቱ ኣቋረጸ። "ወዲ ፋሲል ኣዝዩ ቦጦሎኛዩ'ዩ። ኣብ ልዕለይ ሕማቕ ክፍጽም ኢሉ ድማ ኣይሓስበን'የ።"

"ዝተጕራፈጥኩምሉን ዘይተሰማማዕኩምሉን ጉዳይ ኣሎዶ?"

"ብዛዕባኡ መሊኡ፣ መሳርሕቲ ስለ ዝኾና መልኣኽቲ ክንከዉን ኣይንኽእልን። ኣብ ስራሕ እንተተጕራፌጥና ግና ሽዑ'ዩ ዝርሳዕ። ሓደ እዋን ንዕረፍቲ መጺኣ ልዕሊ ሓደ ወርሒ ስለ ዘሕለፍኩ እታ ኣብ ወተሃደራዊ ህይወተይ ዝኸበደት ዝብላ መቕጻዕቲ ወሲኑለይ ነይሩ። እዚ ግና ኣብ መንጎ ክልቴና፡ ብፍላይ ኣነ ቂም ኣይሓዝኩሉን።'"

"ሕራይ ብዛዕባ'ቲ ኣለቂሐዮ ገንዘበይ ኣይመለሰለይን ትብሎ ሱብ ተወሰኽቲ ሕቶታት ክቐርበልካ?" ቀዉ ኢሉ ጠመቶ። ሳምራዊ ሕቶታት ስለ ዝበዝሖ ብዝተሰላኸየ መገዲ ርእሱ ነቕነቐ። "ደኺምካ እንተኼንካ ከነቋርጾ ንኽእል ኢና።"

"ብየማናይ ጐነይ ዘሎ ማህረምቲ ቁሩብ ቃንዛ ይጉብረለይ ስለ ዘሎ እንተዘይኮይኑ ኣይደኸምኩን።"

"ኣብ የማናይ ጐንኻ ማህረምቲ ኣለካ ድዩ?"

"እወ! ኣቲ ዝኸበደ ማህረምተይ ጸጋማይ እግረይ ምሕምሻሽ ዘስዓበ'ዩ። ብተወሳኺ ኣብ የማነይ ሰለፈይን ኣብ ጐነይ'ዉን ማህረምቲ ኣለኒ። እቲ ናይ ሰለፈይ ስጋ ብስጋ ስለ ዝኾነ ደሓን'ዩ። የማናይ ጐድነይ ግና ሰባር መሰንገለ'ኳ እንተዘይብለይ ኣብ ምስትንፋስ ቀጻሊ ቃንዛ ይጉብረለይ ኣሎ።" ጸገሙ ሓበረ።

"ከምዚ ኢልካ ተመሓይሽካ ክርእየካ ንዓይ ተኣምር'ዩ ነይሩ። ኣብዘን ሒደት መዓልታት ዓቢ ለዉጢ ኢኻ ኣምጺእካ ዘለኻ። እዚ ትብሎ ዘለኻ ሱብ ኣድራሻኡ ሃቢኒ?" ፖሊስ ያሬድ ሕቶታቱ ከሕጽር ተገደደ።

"ኣቢይ'ሞ ክትረኽቦ። እንተኸድካ'ዉን ሰበይቱ'ያ ክትጸንሓካ። እንተደሊኻዮ ግና . . ." ዘረባኡ ከይዛዘመ ቃንዛ ስለ ዝበርትዖ ኣዒንቱ ኩዒኑ ክጽመም ተጋደለ።

***

"እንታይ ዘይገበርኩ'ዩ ዝድለ ዘሎ ኣቶ ዘርእዝጊ?" ፋኑኤል ኣብ እንዳ ነጥሪ ከም ዝነበረ ዘንጊዑ ስምዒቱ ብዓዉታ ገለጸ። "ኣነ'ኳ 200 ሽሕ ዕዳ ዝጸበየኒ ዘሎ ሱብ'የ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ዕዳይ ንክኸፍል ሓገዝ ክግበረለይ'ዩ ዘለዎ።"

"እሞ ሕግዙኒ ኢልካ ዲኻ?"

"ንመን ሓግዙኒ ክብል?" ኣብ ልቡ ዝነበረ ሕማም በጨቕ ኣበለ። "ነጥሪ ክንድኡ ዝኣክል ገንዘብ ካበይ ከምጽኣለይ ይኽእል?" ዘረባኡ ቀልጢፉ ኣመዓራረየ። "ስለዚ እንታይ ክገብር ትደልዩኒ ኣለኹም?"

"ከም ቀደምካ ትኸዉን? ነጥሪ ሽለል ስለ ዝበለካ'ዩ እምበር ብኣኻ ሕማቕ ይስመዖ ከም ዘሎ ኣነ ኣዳዕዲዐ እፈልጥ'የ። ካልእ ይትረፍ ከም ቀደምካ መጺኻ ጸገምካ ኣይትሕብሮን፡ ህልም ምባል ደኣ መፍትሒ ድዩ? ካብየናይ መሸጐራጕር ከም ዘወጽኣካ ዘንጊዕካዮ ዲኻ?"

"ኣንታ ጸጊሙኒ'ምበር ዘንጊዐዮ ኣይኮንኩን።"

"እሞ እዚ ሱብኣይ ተኸሩርዮ ኣለኻ። እዋኑ ድማ ስራሕ ከይብደል ዘይኮነ ሓላፊያይ ከይኩሪ'ዩ ኩይኑ ዘሎ። እንታይ ገደሰካ ምስ ነጥሪ ትብኣስ? ገጹ ክንሕሉዶ ኣይኮናን ንወዕል ዘለና።"

"ንሱስ ኣይተጋገኻን፣ ኣብቲ ሃገር ክንሕሉ፡ ስምዒት ሓለፍትና ክንሕሉ ዘጥፋእናዮ ግዜ ይበዝሕ። ዝኾነ ኩይኑ ሕጂ ክመጽእ ድዩ? ስለምንታይ ኢኻ ኣብዚ ክንዘራረብ መሪጽካ?"

"ንኹላህና ገዛና እንደኣሉ" መለሰ ኣቶ ዘርእዝጊ። "ነጥሪ ገይሹ'ዩ ዘሎ። ክትረኽቦ እንተደሊኻ ግና ጽባሕ ደዉለሉ። ብኢደ ወነንካ ምስዞም ስድራ ርኹብ ክትገብር የብልካን።" ምኽሩ ለገሰ።

"እዋእ!" በለ ፋኑኤል ብሕርቃን ተቓጺሉ። "ኣቶ ዘርእዝጊ ናይ ህይወት ሕቶ እኳ'ዩ ገጢሙኒ ዘሎ። እዞም ስድራ ወዶም'ዮም ጠፊእዎም። ብሰንኪ ሕመቕና ድማ እቲ ንቡር ምብጻሕ'ኳ ኣይፈጸምናን። 200 ሚእቲ ሽሕ በዚሑ ይበሃል ኣሎ።"

"እወ በዚሑ! እንታይ'ዩ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ኢልካኸ? እቲ ቁልዓ ህጻንዶ ኣይኮነን። እሞ ክንድኡ ዝኣክል ገንዘብ ካበይ ኩተምጽኣሎም ትሓስብ ኣለኻ?"

"ኣነ ደኣ ካበይ ከምጽእ? እንተዝህልወኒ ኢደይ ኣይምዓጸፍኩን። እሞ እቲ ዝመጽእ ሳዕቤንከ ኣቶ ዘርእዝጊ?"

"ኣይትሰጋእ ኣንታ! ወዲ መንግስቲ ምኳንካ ፍለጥ።"

"ወዲ መንግስቲ ደየ ወዲ ነጥሪ ተደናጊሩኒ ኣሎ ኣቶ ዘርእዝጊ። ዝኾነ ኩይኑ ኣነ ንህይወተይ ሰጊአ ኣለኹ። ጽባሕ ንግሆ ገለ ምስ ዝኸዉን ድማ ብዘይካ ኣደይ ትሓመለይ የብላን።"

"ኣንታ ወዲ እዚ ዘረባ ነጥሪ እንተሰሚዑዎ ጽቡቕ ኣይኮነን።" ምሕጽንታኡ ገለጸ ኣቶ ዘርእዝጊ።

"ኣቶ ዘርእዝጊ፡ ኣብ ህይወተይ ንላዕሊ ዝመጽኣኒ ኣሎ ድዩ? በጃኻ ኣይተዛርበና። ንስኻ ስለ ዘለኻ ድማ ነጥሪ ኣይሰምዖን ክበሃል ኣይከኣልን'ዩ።"

"ወዲ ደኣ ዘይጠዓኻ! በል ንዓ ኪድ ካልእ ከይወሰኽኩ።"

ይቕጽል



# ባህሊ፡ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን

# ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ኣብ ሰናይ ክራማት

ጥዑምዝጊ ተስፋይ




ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 15 ነሓሰ ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ሮማ ብወግዒን ብውዕወዕ መንፈስን ተኸፊቱ። እቲ ንእሽቶ ይኹን ዓቢ ብሃንቀውታ ዝጸበዮን ናይ ነዊሕ ዓመታት ሰረት ዘለዎን ሃገራዊ በዓል ንትሸዓተ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ተሳቲፍቲ ከአንግድ ክቕጽል'ዩ። ሰዓት 7.00 ምሸት ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ሮማ ብዘኽሪ ሰማእታት ዝፈለመ ወግዓዊ መኽፈቲ ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ ኣብ 2012 ብደረጃ ዞባ ማእከል ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ፡ ኣብ 2013 ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ከተማ ደቀምሓረ ክቶየድ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ድሕሪ ክልተ ዓመታት ኣብ ናይ ወትሩ ቦታኡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ንኽቶየድ መጋረጃኡ ቀንጢጡ። ኣብ ኑበሲ ወከፍ ዓመት ብኽራማት፡ በቲ ዘይነጽፍ ፍርያት ሃገርና በሰቲ ቀጽሪ ኤክስፖ ብቐጠልያ ሕብሪ ሰምሰም ኣቐጺልቲ ኣብ ዝሸፈኑሉን ካብ ሃገርን ካብ ወጻእን ብዘዮግዱ ወጻእተኛታትን ደቀባትን ፋሕፋሕ ዝበለሉን ኣጋጣሚ ዝሰላሰል ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ብሕልፊ ኣብ'ዚ ሎሚ ዓመት፡ ዝናብ ሰማይ ጸንፊ ዝተኻዕወሉ፡ ኤርትራ ብሰምሰም ኣዝርእቲ ተጎልቢባ ሓረስታይ ብዘሰፋ ሰናይ ዘበን ተሰኒዑ ኣብ ዕዮ ማሕረስ ተጸሚዱሉ ዘሎ እዋን ይብዓል ብምህላዉ ዓመተ ተስፋን ጸጋብን ኣሚቱ ኣሉ።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ከም ወትሩ ተዘርዚሩ ዘይውዳእ ትሕዝቶታት ተቐሪቡ ከም ዘሎ ዝሓበረ ኣካየዲ ስራሕ ቤት ጽሕፈት ኣወሃሃዲ ሸማግለ በዓላት ኣቶ ተስፋይ በርሀ፡ ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ጽምብል ንዕዱማት ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም፡ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2014 ምስ ጥሉል ክራማት ተሰኒዑ ብምምጽኡ ድማ ናይ የሃና ርሑስ ምጽዮት ድሕሪ ምግላጹ፡ ብሓፈሻ ስነጥበባዊ፡ ያታዊ፡ ታሪኻውን ቴክኖሎጂካውን ምዕባለታት ሃገርና ዘንጸባርቑን ቅዱስ ውድድር ዘበርኽትን ሰፊሕ ትሕዝቶ ተዳልዩ ከም ዘሎ ኣበሲሩ። ኣብ'ዚ ካብ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣትሒዙ ንትሸዓተ መዓልታት ዝጸንሕ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ካብ ውሽጢ ሃገርን ካብ ወጻእን ዝዮግዱ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ህዝብን ኣጋይሽን ክሳተፉዎ ትጽቢት ዝግበረሉ እንኮላይ ከም ወትሩ ኣብ ያታዊ ቅልስን ትልሂትን ኣብ ስነጽሑፍ፡ ምህዞን ሰንዓን፡ ቅብኣ ቅርጻን ኣደ ጥበብን፡ ፍሉይ ተውህቦ ሰብት . . . ቅዱስ ውድድርን ዝግበረሉን ኣብ መወዳእታ ዕወታት ሽልማት ዝረኽቡሉን መድረኽ ሓደ ካብ ትሕዝቶ'ቲ ፈስቲቫል እዩ። ኣቶ ተስፋይ በርሀ ኣብ ዘሰመየ ቃል ብዘወሰኹ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሓያሎ ዓመታት ከም ዝተራእየ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ስመር ጻዕርናን ትሰፋውን መጻኢናን ናብ ወለዶታት እነሰጋግረሉ ባይታ ምዃኑ ገለጹ።

ኣብ'ቲ ሳዕለምት ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝተረኸብሉ ናይ መኽፈቲ ጽምብል፡ ሲነማ ሮማ ብዕዱማት ቅጽጽ ኢሉ፡ ኣብ ኣሰር-ኣሰር እናተተኻኽአ ብበዘውሕዘ ዘየጽሙ ባህላዊ ምርኢታት ተሳቲፍቲ ከዘናግዕ ኣምሲዩ። ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኤርትራ ምድላዋቶም ኣጻፊፎም ዝመጽኡ ጉጅለ ባህልታት ብበበዓይነቶም ደርፊ፡ ድራማ፡ ኮሜዲን ካልእ ባህላዊ ትሕዝቶታትን ንጽምብል መኽፈቲ ፈስቲቫል ኣድሚቖም ኣምሲዮም። ጉጅለ ባህሊ ዞባታት፡ ተላሃይቲ ሓይልታት ምክልኻል ከምኡ እውን ህቡባት ስነ ጥበበኛታት ዘቕረብዎ ትሕዝቶ ንዕዱማትን ኣዳራሽ ሲነማ ሮማን ኣማሚቑ ዕለተ ምጅማር ፈስቲቫል ኤርትራ ብሓጎስ ኣበሲሩ።

ድሕሪ ቃላ ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲት ሸማግለ በዓላት ኣብ ዝቐጸለ ስነጥበባዊ ምሸት፡ ፈለማ ብያታውያን ተላሃይቲ ዞባ ደቡብ "ስሶም" ዝተሰምየት ደርፊ ዝቐረበት ክትከውን ከላ፡ ብድሕሪኣ ህቡባት ድምጻውያን ብሓባር ዝተጻወቱዋ "ዓደየ" እትብል ደርፊ ሰዒቡ። ድሕሪ'ታ ኤልሳ ኪዳኑ ጸገ ተኸሊሰሰዝቡት፡ መሓመድ ዐሶማ፡ ተስፋልደት ማስፉን (ወዲ ማስፉን)፡ የውሃንስ ሃብተኣብ (ወዲ ቐሪን)፡ ጀማል ሮመዳን ብምቅባል ዝተጻወቱዋ ዜማ ከኣ፡ ዘይኑብ በሽር ተላሃይቲ ብምስናይ ንተዓዘብቲ ዝመሰጠት ናይ ትግረ ደርፊ ጆባእ ኢላ፡ ተዓዘብቲ ናብ መድረኽ ብምውሓዝ ኣደናቕቶ ገለጹላን ህያባት ኣበርኪቶላ። ኣብ'ቲ ንዕዱማት ዝመሰጠ ስነጥበባዊ ምሸት፡ ብካብ ዓንደማርያም ፍቕራዊት ደርፊ "ንገኻ ደዩ"፡ ሳልሕ ኣሕመድ (ፕሮቲን) ምስ ተላሃይቱ "ሪኳብ ሓራ" እትብል ደርፊ ብቛንቋ ሳሆ፡ የውሃንስ ተስፋልደት (ወዲ ቀሪን) ብደቂ ተባዕትዮ ተላሃይቲ ተሰንዩ ደርፊ ከምኡ'ውን ብጉጅለ ዞባ ዓንሰባ መዘናግዒት ድራማ ብትልሂት ተሰንያ ብዝኸታታሊ ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ዝጠዐመ ግዜ ብምእዛዝ ባህላዊ ትሕዝቶታት ዝተሸፈነ ዘየጽሙ መደብ መንግስተኣብ ገብረጊዮርጊስ ምስ ተላሃይቱ ድሕሪ ዘቕረቦ ናይ ኩናማ ደርፊ፡ ብኤፍሬም ካሕሳይ (ወዲ ኳዳ) ተደሪሳ ዝተኣለየት ናብ ቅድሚ 1923 ዓ.ም. ተመሊሳ ዛንታ ሓደ ጩፊና ዝተባህለ ሌጓስ በዓል ጸጋ እትነግር ብቛንቋ ትግርኛ ዝተዳለወት ድራማ እያ ቀሪባ። ኣብ ኣሰራ እውን ሳራ ተኸሊሰሰዝቡት ብዘላሃይቲ ተሰንያ "ሳንጃሮኽል" እትብል ደርፊ ቛንቋ ብሌን ተጻዊታ። ጉጅለ ባህሊ ዞባ ማእከም "ሶሚታት" እትብል ባህላዊት ናይ ትግረ ደርፍን ትልሂትን ድሕሪ ምቕራብ ንተዓዘብቲ እናዘየት ቂም ነገር እተሰንቐ "ሰብን ጸባሕን" ዘርእስታ መዘናግዒት ኮሜዲ ብሓጎስ ወልደገብርኤል (ሰዘኒኖ)ን ካልኦት ህቡባት ኮመዲያንን ተራእያ። ኤልሳ ኪዳን ድማ "ምሳይ ኣምሲ" ብእትብል ደርፊ ንህላዊ ምርኢት ወግዓዊ መኽፈቲ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ዛዚማቶ።

ኣብ ዝሰዕብ ትሸዓተ መዓልታት ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ ካብ ዝእንገዱ ምርኢታት፡ መደብ ትምህርትን ምዝበንጋዕን ህጻናት፡ ቁሸት ተጋደልቲ፡ ምርኢት መጻሕፍቲ፡ ሃገራውያን ትካላት፡ ኤግዚብሽን ዞባታት፡ ቁሸት ደቀና ኣብይትን ማሕበርን ዞባታት፡ ምርኢት ካብ ዝተፈላለየ ዞባታት ዝተወከሉ ያታውያንን ዘመናውያንን ጉጅለ ባህልታት፡ ምርኢት ቁሸት ሰኣልቲ፡ ምርኢት ፊልም፡ ስእላዊ ምርኢት መዚቃ፡ ሰይታዊ ትልሂት. . . ብዝኸታታሊ ክቐርብ እዩ። ንዝገድቲ ዘአንግዳ ዘመናውን ባህላውን ትሕዝቶታት ዘቕርባ ኣብያተ መግቢ፡ ደኳናት፡ ኣብያተ ማስተን ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎትን ብኣጋ ተዳልየን ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ተደኲነን ከም ዘለዋ እውን ተሓቢሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ናይ'ቲ ዕለት መራሒ መደብ፡ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት፡ ካብ'ቲ ወትሩ ክኽበረሉ ዝጸንሐ ቀጽሪ ኤክስፖ ገይሹ ድሕሪ ምጽናሕ ዳግማይ ተመሊሱ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ክኽበር ብምብቅዑ "የሃና!" ድሕሪ ምባል፡ ንኹሎም ተሳተፍቲ ናይ'ዚ ሃገራዊ ፈስቲቫል ሰናይ ቅነ ፈስቲቫል ክኾነሎም ብምምናይ፡ "ካብ 16 ነሓሰ ኣትሒዝና ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ንራኸብ" ብምባል ተፋንዩዎም።






# ገጽ ሰኒበት

ብሃማመተኤ ዝዳሎ ዓምዲ

## “ዕላማይ ኣብቶም ብዓቕመይ ክሕግዙ ዝኽእሉ ተመሃሮ ዘተኰረ እዩ”

### ኢንጅ. ሚኪኤል ተስፋይ

ተወልደ ኣፍወርቂ

*** ክንላለየካ**

- ሕራይ። ሚኪኤል ተስፋይ እበሃል። ኣብ 1991 ኣብ ኣስመራ ገዛ ከኒሻ ተወሊደ። ክሳብ 3ይ ክፍሊ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ መደበር፡ ካብ 4ይ ክሳብ 11 ኸኣ ኣብ መቕርካ ቤት ትምህርቲ ዳዕሮ ተማሂረ። ድሕሪ ናይ 11 ክፍሊ ትምህርተይ ከኣ ኣብ ሳዋ ኣብ መበል 22 ዙርያ ወሪደ። ሎሚ ዓመት ከኣ ካብ ኰለጅ ማይ ነፍሒ ብprocessing engineering ወዲአ ናይ ምደባ ግዜ ይጽበ ኣለኹ።

*** እስከ ኣብ ትምህርቲ ከመይ ኔርካ ኣዕልለና**

- ብዘይካ ኣብ 1ይ ክፍሊ 4ይ ተርታ ወጺአ ኣለኹ እምበር፡ ኣብ ዝበዝሐ 1ይ እናወጽእኩ ኣብ ኩሉ ደርጃታት ብልጫ እናወሰድኩ ወዲአየ። ብፍላይ ካብ 6ይ ክሳብ 11 ክፍሊ ናይ ዩኒት ቀዳማይ እናወጻኹ እየ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ወዲአ።

*** እዚ ካብ ዝነበርካዮ ቤት ትምህርቲ እንደዩ፡ እስከ ብሃገር ደርጃ ክንርእየካ፡ ኣብ ናይ 8ይ ክፍልን ናይ 12 ክፍልን መልቀቒ ፈተናታት ከመይ ኣመዝጊብካ?**

- ልዕሊኡ ክምዝገብ ዝኽእል'ኳ እንተነበረ ንዓይ ግን ዘዕግበኒ እኹልን እየ ኣመዝጊበ። ኣብ ጀነራል 94.5 ኣብ ማትሪክ ከኣ 3.8 ኣመዝጊበ።

*** ብኸመይ ኢኻ ኣዚኻ ንፉዕ ተማሃራይ ክትከውን ክኢልካ?**

- ከም ርድኢተይ ሓደ ኣብ ካልእ ሂወቱ ንቡር ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ ንፉዕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምስ ድስፕሊን ዝተሓሓዘ ከኣ ‘መስለኒ። ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ድስፕሊን ዘማዕበለ ኸኣ ከምሃር ሽግር የብሉን። ኣብ ገዛና ኸኣ እዚ ድስፕሊንዚ ተሰሪሑ ዝጸንሓኒ እዩ። ከም'ቲ ወዲ ሓረስታይ ናይ ማሕረስ ደስፕሊን፡ ንወዲ ነጋዳይ ናይ ንግዲ ድስፕሊን ክፈልጥ ብዙሕ ዘይሃልኾ፡ ኣነ ኸኣ ወዲ መምህር ስለዝኾንኩ፡ እቲ ናይ ትምህርቲ ዲስፕሊን ክፈልጥ ትጽበዮ ነገር እዩ። ብጽቡቕ ዝተሃንጸ ድስፕሊን እንተደኣ ኣሎ ኸኣ፡ ቀረብ ወረቐትን ርሳስን ብዙሕ ትሽገረሉ ኣይኮነን።

መደብ ስራሕ ኣቦይ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ፡ ኣብ ባረንቱ እዩ ኔሩ። ግን ኣብ'ተን ዝመጸለን ግዜ ናይ ክልተ ወርሒ ዝኸውን መቑነን ትምህርቲ ኣረኣእዩናን ምዒድናን ይኸይድ። ኣደይ ከኣ ኣቦኹም እናበለት ትቕጽለልና።

*** እዚ ጥራይ ግን ክሳብ ክንድ'ዚ ናይ ትምህርቲ ድስፕሊን ክሃንጸልካ ክኢሉ?**

- እዚ'ሞ ቀሊል ዘይኮነ፡ ድሓር ከኣ ኣብነታዊት ዝኾነት ሓብተይ ኔራትኒ። ንሳ'ኳ በዚ ውሑድ ዝበልካዮ ክትነፍዕ ዘይጸገማስ፡ ኣነ ናታ ኣርኣያ ተወሲኹዎ እንታይ ሽግር ኣለዎ።

*** ጽልዋ ዓበይቲ ኣሕዋት ኣብ ትምህርቲ ከመይ ትግምግሞ?**

- ብሳይንስ ዝተጸንዐ ክዛረብ ኣይክእልን እየ። ካብ ትዕዝብተይ ግን ብጣዕሚ እዩም ዝጸላለዉ። እቲ ቦኽሪ ንፉዕ እንተድኣ ኾይኑ ዳርጋ ብምልኣም ንፋዓት እዮም ዝኾኑ። ንኣብነት፡ ምዕባይ ሓብተይ ኣዝያ ንፍዕቲ'ያ። ካብ ኮለጅ ሓልሓለ ተመሪቓ። እቶም ዝናኣሱ ኣሕዋተይ'ውን ሰነፍ ናይ ትምህርቲ የብሎምን። ምንኣሰይ ሓብተይ ተማሃሪት 3ይ ዓመት ኮለጅ ጥዕና እያ፡ ምንኣሳ ኸኣ ተስፋ ዘለዋ ጅግና ቆልዓ ኣብ ዝሓለፈ ማትሪክ ዝገበረት ኣላትና። ካልእ ወዲ'ውን ኣዝዩ ንፉዕ ብልጫ ዝወሰድ ኣለና።

*** ተማሃራይ ኢኻ ዘለኻ ግን ከኣ መጻሕፍቲ ጽሒፍካስ ናብ ዕዳጋ ወሪደን ኣለዋ። እስከ ምስ መጻሕፍትኻ ኣላልየና?**

- ንዕዳጋ ዝወረዳ Better way to Junior Science እትብል ንጀነራል ተፈተንቲ እተገልግልን፡ ሓንቲ ኸኣ ከባቢ 600 ገጻት ዝሓዘት Problem Solver of highschool Chemistry እትብል ንተፈተንቲ ካልኣይ ደረጃ መልቀቂ ንተማሃሮ ቀዳማይ ዓመትን እተገልግልን እየን። ካልእ ክልተ ዝኾና ኸኣ ኣብ ቀረባ መጻኢ ናብ ዕዳጋ ከውርደን እሓስብ።

*** ብኸመይ ኢኻ እዚ ናይ ምጽሓፍ ነገር ጀሚርካዮ?**

- ኣብ 9ይ ክፍሊ እንከለኹ'ስ መምህር ኪዳን ገብረኣብ ሓንቲ ምስ ኣካዳሚ ዝተተሓሓዘት መጽሓፍ ይጽሕፍ ኔሩ። ክርእያ'ሞ ኣነ ኸኣ ሓሳባተይ ክህብ ኢሉ ነታ መጽሓፍ ይህበኒ። እዚኣ ንሞራለይ ሓፍ ኣቢላቶ። ድሕሪ እዚ ዝዓቕመይ ርእየ ሂበዮ፡ ግን ኣብ ኣእምሮይ ዝሰረጸ ነገር ኔሩ፡ መምህር ኪዳን ክርእየሉ ካብ ሃበኒ ክጽሕፍ ይኽእል እየ ኢለ ሓሰብ። ግን ሽዑ ንሽዑስ ኣይገበርክዎን። ኣብ መንጎ መንጎ ካብ'ቲ ቤት ትምህርትና ብዙሓት መምህራን መጻሕፍቲ ይጽሕፉ ስለዝነበሩ፡ ቅድሚ ምሕታመን ክርእየን ይህቡኒ ኔሮም። ዓቕመይ ክመዝን ከኣ ጌሩኒ።

ድሓር ድሕሪ ሳዋ ናብ ኮለጅ ምስ ኣተኹ፡ ብዛዕባ ንኻልኣይ ደረጃ ዝኸውን ናይ ፍዚክስ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮይ ይመጸኒ። ኑቶም መምህራነይ የካፍሎም'ሞ፡ ንሳቶም ከኣ፡ “ባዕልኻ ዘይትጽሕፉ” ይብሉኒ። ምስ ግዜይ ርእየ በይነይ ክገብራ ከምዘይክእል ፈሊጠ ምስ ካልኦት መምህራን ኮይነ ከም ዝሰርሓ ጌረ። ምስ ብዓል መምህር ዳዊት ወልደብሩኽ ኬንና ጽሒፉናያ። ኣነ ክልተ ሰለስተ ምዕራፋት ጽሒፈ።

ኣብ'ዚ ዓመት ከኣ ነዛ Problem Solver of Highschool Chemistry እትብል መጽሓፍ፡ ምስ ኢንጂነር መብራት ገብረኣብ ኮይነ ናብ ሕትመት ኣብጺሕናያ።

*** ተመሃራይ እንከለኻስ ከመይ ጌርካ ንከማኻ ተማሃሮ ክጠቅም ዝኽእል ትጽሕፍ? ኣይውሕዶምንዶ?**

- መወከሲ እምበር መወዳእታ ናይ ኬሚስትሪ መጽሓፍ ማለት ኣይኮነትን። እቲ ኪኖ እዛ መጽሓፍ ዝጽበ ከይተሓጽረ ካልእ ዓበይቲ መጻሕፍቲ ገንጺሉ ክጥቀም ይኽእል እዩ። ዕላማይ ኑቶም ብዓቕመይ ክሕግዙ ዝኽእሉ ተመሃሮ ዝዓለመ እዩ። ዋላ እቲ ዝነፍዐ ሰብ ከኣ ዓቕሙ እዩ ዝገብር እምበር፡ ንኹሉ ኣብ'ዛ ዓለም ዘሎ የዕግበ ማለት ኣይኮነን። ድሓር ከኣ መወከስየይ እቶም ዝተማሃርኩሎምን ዘንበብክዎምን መጻሕፍቲ ስለዝኾኑ ጌጋ ሓበሬታ ኣየመሓላለፍን'የ ኢጀኻ። ፍሉይነት ናይ'ዛ መጽሓፍ ከኣ ልዕሊ 250 ተማሃሮን 25 መምሃራንን ገሊኦም ማስተርስ ዘለዎም እዮም። ተራእያ ኣዝዩ ጽቡቕ ግብረ-መልሲ ረኺብናላ ኢና።

*** ክትጽሕፍ እንከለኻ ሞራልካ ዝትንክፍ ርእይቶታት እንተዝመጽካ እንታይ ምገበርካ?**

- መጸኡኒ እንድዩ! ንኣብነት ነዛ ናይ ከሚስትሪ ክርእዩለይ ዝሃብክዎም መምሃራን፡ ገለን ብገጽም ገለን ከኣ ብቓላቶም ቅድሚ ኑቲ መጽሓፍ ምርኣዮም ብዛዕባ ዘለዎም ዘይዕጉብነት ይነግሩኻ እዮም። እቲ ጽቡቕ፡ ጽቡቕ ክሳብ ዝኾነ ኣየሻቕለንን እዩ። ኑቲ ዘይጽቡቕ ግን ተዳልየሉ ይኸይድ ኔረ። ምስሊ መጽሓፈይ ክርኢ ይደሊ ስለዝነበርኩ ግን ይጽመም። ብዝኾነ ድሓር ምስ ራኣይዋ፡ ጽቡቕ ርእይቶ ስለዝሀቡኻ ግን መውዳእትኡስ ክሰረ ከም ዘይከይድ ይርድኣኒ እዩ። ዋላ ጽቡቕ ርእይቶ እንተዘይሃቡኒ'ውን ንናይ ሓደ እውን ስርሐይ እምበር ንኩልንትናይ ስለዘይነቕፉኒ፡ እቲ ዝሃብኒ ነቐፌታ ከኣ ወይ ጌጋ እዩ ወይ ከኣ ንኹልንታናይ ከምዘይኮነ ይርድኣኒ እዩ። ትጽበዮ ነገር ስለዘየሰንብድ ግን ኣይደሃልን እየ፡ እምበር ፈታኒ እዩ።

*** ኣብ ኮለጅ እንታይ ኢኻ ተጸንዕ ዘለኻ?**

- ድሮ ወዲአ ስለዘለኹስ እንታይ ኣጽኒዕካ ክትብለኒ ትኽእል ኢኻ? ብዝኾነ processing engineering እየ ኣጽኒዐ። ሕጂ ኸኣ ንምደባ ይጽበ ኣለኹ።

*** ግዜ ትምህርትኻን ምጽሓፍ መጻሕፍትን ከመይ ተወሃህዶ ኔርካ? እቲ ግዜኸ ይኣኽለካዶ ኔሩ?**

- ግዜ ጸቢቡኒ ካብ ዝሓስበኩዎ ተሪፈ ኣይፈልጥን እየ። ዝኣክል የዕርፍ፡ ዝኣክል ይዘናጋዕ፡ ትምህርተይ ከኣ ይገብር። ንብላሽ ዝጠፍእ ግዜ ግን ኣይነበረንን። እቲ ዝተረፈንስ እቲ ብላሽ ዝበሃል ግዜ እዩ።

*** ካብ ሳዋ ዝኸሰብካዮ እንታይ ኔሩ?**

- ርእስኻ ምኽኣል ተማሂረ። ሓገዝ ናይ ስድራ ከይረኸብኩ ርእሰይ ዝኸኣልኩሉ እዋን ነዊሕ እዩ ኔሩ። ንኣብነት ናይ ፈለኛሞ ክእለት ኔሩኒ። ኣቑሑት ናይ ገዛና ባዕለይ ዝሰራሕክዎ እዩ። ገለ ናይ ቤተዘመድን ጐረባብትን'ውን ሰሪሐሎም ኣለኹ። ብዘይካ እዚ፡ ቀምቃማይ'ውን እየ። ሓደን ክልተን ከይበልኩ ኑብሰይ ክኽእል ዝኽእል ዓይነት እየ ኔረ። እዚ ግን ኣብ ትሕቲ ገዛና ኮይነ እሰርሖ ስለዝነበርኩስ ብገዛእ ርእሰይ ክሰርሖ ዝኽእል ዝነበርኩ ኮይኑ ይስማዓኒ ኣይነበረን። ሳዋ ምስ ምውራደይ ግን በይንኻ ምሕዳር ኣሎ፡ ብገዛእ መደብካ ምኻድ ኣሎ፡ ብዙሓት ነገራት ብናትካ ውሳነ ክትገብሮም ትቕሰብ፡ ውጽኢታት ግብረ-መልሲ ናይ ውልቃዊ ስራሕካ እናኾኑ ይኸዱ እሞ ጽቡቕ ትሰርሕ እንተድኣ ኣለኻስ ርእስ ምትእምማንካ ይዓቢ። ንዓይ እዚ እቲ ዝዓበየ ነገር እዩ። ካልእ ካብኡ ዝንእሱ ረብሓታት ከኣ መሊኦም።

*** ኣብ ማትሪክ ክንደይ ዓይነት ትምህርቲ ወሲዳካ?**

- 8 ዓይነት ትምህርቲ ወሲደ፡ እተን ሸውዓተ “A” ኣመዝጊበ፡ ኣብ እንግሊዝኛ “B” 3.8 ኣምጺአ ማለት እዩ።

*** መዘኻ ምሉእ ከምጽኡ እሞ ጕሂኻ ዶ?**

- እቲ ንሰብ ዝኸውን ጥራይ እዩ ተሪፉኒ። ደስ ይብለካ እንደዩ ምሉእ ኩተምጽእ ግን ዘየምጻእኩ ኢለ ኸኣ ድቃስ ኣይሰኣንኩን። ኑቲ ብደገ ዝርኢ ምሉእን ጎደሎን እናበለ ይፈላልዮ ይኸውን፡ ኣነ ግን እኮ 7 “A” እየ ኣምጺአ። በዚ ኩርናዕ ርእየዮ። ድሓር ከኣ ብኑብሰይ ንኑብሰይ ኢለ እየ ዝወዳደር እምበር፡ ከም'ዚ ናይ ጉያ ምስ ሰባት ብዙሕ ኣብ ህልኽ ኣይኣቱን እየ። ኣብ ውድድር ዋላ እንተዝኣቱ እውን ኣነ ኑቲ 3.6 ዘምጻአ ይበልጸ። እቲ 4 ዘምጽአ ኸኣ ይበልጸኒ ኢለ ኣይሓስብን እየ። እንድዒ ኸኣ ንስኻ ትብሎ እምበር።

*** እዚ ኹሉ መጻሕፍቲ እናጽሓፍካ ግን፡ ኣብ ናይ ኣካዳሚ ጉዳይ ቁሩብ ኣይጸልወካን?**

- ኣይኣመንካንን ማለት እዩ! ዝገርመካ ዋላ ናይ ኮለጅ ነጥበይ ጽቡቕ እዩ። ንdistinction ዝኸውን ኣለኒ፡ ግን ጃህራ ድኣ ከይትመስል እምበር።

*** መንእሰይ እንድ'ኻ፡ ኣፍቃሪት ክትህልወካ ከመይ ትርእዮ?**

- ቀድም ቀዳም ፍቕሪ ከምዚ ዓይነት ትምህርቲታት ደሚርካ ኣርቢሕኻ ከምዚ እንትገበርካዮ ይሓይሽ፡ ከም'ቲ ክትብሎ ቀሊል ኣይመስለንን። ንሓደ ሰብ ዘካየዶ ሜላ ኑቲ ካልእ ከቢኾዮ ይኽእል እዩ መስለኒ። ካባይ ጀሚርካ ኣብ ሂወቱ መመላእታ ዘይደሊ ሰብ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ሂወትካ ዝሕግዘካ ዓይነት ፍቕሪ፡ ዓይኒ ክሕሰዮ የብሉን እየ ዝብል። ንሂወትካ እናሽራረፈ ጥራሕ ኢዳ ኣትሪፉ ንርእሱ ዝጠፍእ ዓይነት እንተኾይኑ ግን፡ ትርፌ ዘይብሉስ ጽቡቕ ኣይመስለንን።

*** ናይ መጻኢ መደብካ እንታይ ይመስል ሚኪኤል?**

- ዝበዝሐ ዕዮይ ምስ መጻሕፍቲ ዝተተሓሓዘ ክኸውን ኮይኑ ይስማዓኒ ኣሎ። ክልተ መጻሕፍቲ የዳሉ ኣለኹ። እዚ ናይ ቀረባ መደበይ ክኸውን እንከሎ፡ እንተሰሊጡኒ ርሑቕ ዝበለ መደበይ ግን፡ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ሽም ዘለዎም መጻሕፍቲ ክጽሕፍ ይሓስብ። ፈጣሪ ንዕኡ የብቅዓኒ።

*** ሓሳብ ልብኻ የስምረልካ! የቐንየልና ኸኣ!**

- ኣነ እምበር የቐንየለይ!



# ስፖርት

ኤርምያስ ኣስፍሃ

## ከነላልየኩም

## ገዛኢ ተ/ጋብር - መልማሊ ተዘክርቲ ተጻወትቲ

ኣቶ ገዛኢ ኣብ ክለብ ኣልታሕረር ኣሰልጣኒ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ ንኸም በዓል ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ ኣፍሰሃ የውሃንስ ዝምከኤልን ካልኦት ብርክት ዝበሉ እምብዛ ተዘከርትን ብሉጻትን ተጻወትቲ ዘሰልጠነ ኮይኑ፣ ናይ ነዊሕ ዓመት ተመኩሮ ምስልጣን ዘለዎ ጉዱም ኣሰልጣኒ'ዩ። ተጻዋታይ ኣብ ዝነበረሉ'ውን ካብ'ቶም ንፉዓት ተጻወትቲ ነይሩ።

ምሉእ ስሙ ገዛኢ ተስፋጋብር ይበሃል። ብ1960 ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ተወሊዱ። ብድሕሪኡ ናብ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ብምግዓዝ ክዑቢ ጀሚሩ። ኣብ ዓዲ ቐይሕ ጎደና ጎደና ትምህርቱ፣ ኣብ'ቲ ዝቐመጠሉ ዝነበረ ከባቢ ዝነበረ ሜዳ ካምፕ ፖሊስ እናኸደ ምስ መታዓብይቱ ኩዕሶ ብቐጻሊ ይጻወት ስለዝነበረ፣ ፍቕሪ ኩዕሶ ኩዕሶ ክኡደሮ ጀሚሩ። ብዝነበሮ ብቕዓት ከአ ጌና ተመሃራይ 7ይ ክፍሊ ከሎ ምስ ጋንታ ተጠርኒፉ ኣብ ዓዲ ቐይሕ ክጻወት ጀሚሩ።

ኣብ'ቲ እዋን ዝተዓዘቦዎ ናይ ጋንታ ፖሊስ ደገፍቲ ዝበሉ ሰባት፣ ካብ ዓዲ ቐይሕ ናብ ኣስመራ ከም ዝመጽእ ብምግባር፣ ናብ ኣቶደነቲ ጋንታ ፖሊስ ኣረኪቦዎ። እቶም ኣቶደነቲ ናይ'ታ ጋንታ ንገዛኢ ኣብ ልምምድ ብቕዓቱ ምስ ተዓዘቡዎ፣ ብቑዕ ተጻዋታይ ኮይኑ ስለዝረኸብዎ ኣብ መጀመርታ ኣዋርሕ 1979 ኣብ ሕቑፎ ጋንታ ፖሊስ ኪታሙ ኣንበሩ ከም ዝጽንበር ገበሩ።

ገዛኢ፣ ፈለማ ምስ ጋንታ ፖሊስ ኣብ ምክፍፋል ተሰሊፉ'ኳ ክጻወት እንተጀመረ፣ ደሓር ነታ ጋንታ ከሰልጥን ዝጀመረ ኣሰልጣኒ ሃይለ ተስፋጋብር (ዱብ) ግን፣ ንገዛኢ ብዝነበሮ ጉልበትን ቁመትን ኣብ ማስመር ምክልኻል ተሰሊፉ ከም ዝጻወት ገበሩ። ንኣሰልጣኒ ሃይለ ዱብ ከኣ ብዝነበሮ ብቕዓት ኣሰለጣጥና ካብ'ቶም ብኣድናቖት ዝዝክርዎም ኣሰልጠንቲ'ዩ።

ገዛኢ፣ ኣብ ማስመር ምክልኻል ተሰሊፉ ክጻወት ከሎ፣ ኩዕሶ ካብ ተጻወትቲ ብምግላ ኣብ ምምንጣል ብሉሲ ንዘመጽኦት ኩዕሶ ብርእሲ ኣብ ምምላስ ጸብቒ ብቕዓት ነሮ። ሽዑ ዝበሉ ከም በዓል ተፈራ ጉብረኽርስቶስ ዝኣመሰሉ ሓያላት ኣጥቃዕቲ ከኣ ንኽሓልፍዎ ይሽገሩ ከምዝነበሩ ይዝክር።

ገዛኢ፣ ኣብ ከባቢ 1982/1983 ብምእዛዝን ቅላዕ ንዘተቐልዐት ኩዕሶ ካብ ማስመር ምክልኻል ንቕድሚት ወጺኡ ብርእሱ ንሓላዊ ልዳት ጋንታ ኤሌክትሪክ (ኤልፓ) ዝነበረ ዳዊት ነጋሽ ብርእሱ ጽብቕቲ ሸቶ ምስ ኣመዝገበሉ፣ እቲ ኮኾብ ሓላዊ ልዳት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ዳዊት በታ ሸቶ ተማሲጡ ሰላም ከም ዝበሎ ይዝክር።

ከም በዓል ነጋሽ ተኽለ፣ የማን ኣቻዮ፣ ተፈራ ገ/ክርስቶስ፣ ተስፋልደደት ለሊ፣ ዝኣመሰሉ ንፉዓትን ሓያላትን ናይ 80'ታት ተጻወትቲ፣ ካብ ዝኾኑ ከም ዘይሃሱ ዝጠቅስ ገዛኢ፣ ኣብ 1987 ምስ ጋንትኡ ፖሊስ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዱ ኣንጻር ጋንታ ሸዋ እናተጻወተ ከሎ ናይ ብርኪ ማሰበርቲ ስለዘጋጠሞ፣ ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ምስ ብቕዓቱ ከሎ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ከምዝቋረጸ ይዝክር።

ብድሕሪ ጸወታ ኩዕሶ ምቕራጹ፣ ኣብ 1988 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ኣሰልጣንነት ኮርስ ክወስድ ተላኢኹ። ኣብ'ቲ ስልጠና ብርክት ዝበሉ ሰባት'ኳ ተሳቲፎም እንተነበሩ ገዛኢ ዝርከቦም 24 ሰባት ጥራሕ ሓሊፎም።

ብድሕሪ'ዛ ዝወሰዳ ናይ 6 ኣዋርሕ ኮርስ ከኣ ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ኣስመራ ብምምጻእ፣ ኣብ 1989 ከም ምክትል ኣሰልጣኒ፣ ኣብ 1990 ከኣ ከም ቀዳማይ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ንፖሊስ (ኣልታሕረር) ከሰልጥና ጀሚሩ። ከም ቀዳማይ ኣሰልጣኒ ንጋንታ ፖሊስ እግሩ ኣብ ዘንበረላ ዓመት ሻምፕዮን ንኽትከውን ኣኽኢሉ።

ኣብ 1991 ናጽነት ምስ ኮነ ጋንታ ፖሊስ ብስም ጋንታ ኣልታሕረር ክትትካእ ተወሲኑ። ጋንታ ኣልታሕረር ከም ስማ ከኣ በቶም ዝነበርዋ ሓያላት ተጻወትትን ኣሰልጣኒ ገዛኢ ተ/ጋብርን ተሓጊዛ፣ ድሕሪ ናጽነት ፋልመይቲ ዘውዲ ሻምፕዮን ዝደፍኣት ጋንታ ኮይና። ብድሕሪኡ'ውን ምስ ኣልታሕረር ሓያሎ ዓወታት ተጓናጺፉ'ዩ።

ኣብ 1993፣ ንጋንታ ኣልታሕረር ሒዙ ናብ ሱዳን ተጓዒዙ። ኣብ ሱዳን'ውን ኣልታሕረር ንከም በዓል ኣልሂላልን ኣልመሪኽን ናይ ሱዳን ከምኡ'ውን ሃገራዊት ጋንታ ኢትዮጵያ በዒሃ ጸቢቕ ወጽኢት ንኽተመዝግብ ሰሪሑ።

"ኣብ ፈለማ 90'ታት ኣልታሕረር ከም ጋንታ ብቑዕቲ ከም ተጻወትቲ ከኣ ምሉኣት ነይሮማ" ዝበለ ገዛኢ፣ ተጻወትቱ ኣብ ኩዕሶ ጸቐጥም ንኽጻወቱ ይደፍኣሉ ከም ዝነበረ ይዛረብ።

ሳልሕ ዓሊ ካብ ማስመር ምክልኻል ንቕድሚት ሓሊፉ ንኣፍሰሃ የውሃንስ ዝምከኤልን ኣፍሰሃ ኤፍሬም መለስ (ወዲ ኣልጫ)ን ኩዕሶ ከቕብሎም ከሎ፣ ንሶም'ውን ብዘይ ጸገም ሸቶ ክሰርሑ ከለው ካብ'ቲ ዝምስጥዎ ዘሕጉሶን ዝነበረ ጸወታታት'ዩ። ወዲ ኣልጫ ብታኬት ዘመዝገቦ ሸቶ ከኣ እታ ካብ ኣእምሮኡ ዘይትሃሰስ'ያ።

ብሓፈሻ 17 ዓመታት ንጋንታ ኣልታሕረር ዘሰልጠነ ገዛኢ፣ ንጋንታታት ኣዱሊስን ህንጻን'ውን ንገለ ኣዋርሕ መሪሑ'ዩ። ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ'ውን ካብ 1992 ክሳብ 1995 ከም ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ኣሰልጢኑ። ኣብ 1993 ንሱን ኣሰልጣኒ ተኽሌ ኣብርሃን ናብ ሱዳን ብምቕናዕ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ዘመዝገብዎ ዓወት ከኣ እቲ ዘሕጉሶ'ዩ።

ብስልጠና ክሳብ ኢንስትራክተር ዝበጽሐ ገዛኢ፣ ድሕሪ ናጽነት፣ ናብ ኬንያ፣ ሞሮኮ፣ ታንዛንያ፣ ጅቡቲ ብምጋሽ ኣብ ሃገሩ ድማ ብዝተፈላለዩ ናይ ፊፋ ላዕለዎት ኣሰልጠንቲ ዝተፈላለየ ንኩዕሶ እግሪ ዝምልከት ኮርሳት ኣብ ርእሲ ምውሳዱ፣ ብዘለዎ ፍልጠትን ተመኩሮን ናብ ኩለን ዞባታት ብምግዓዝ ከምኡ'ውን ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ንኣሰልጠንቲ፣ ንተጻወትቲ ዝተፈላለየ ኮርሳት ሂቡ። ንብድሕሪ ሕጂ'ውን ዓቕሙ ብዘፍቕዶ ምኽርን ሓሳባትን ንዝደልዩ ኣሰልጠንቲ ፍልጠቱን ተመክሮኡን ከካፍል ድልው ምዃኑ ከይጠቐሰ ኣይሓለፈን።



# ሰስ ፋብሪጋስ - እቲ ፈጣሪ ጸወታ

ምስ እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲን ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛን ኣብ ምጽዋት ዝርከብ ኮ ኣብ ብርኩ ዘስተንፍስ ዘሎ መንእሰይ'ዩ። ኣብ ድላይካ ከተሰልፎን ዝኽእል ይኹን'ምበር ብቐንዱ ናይ ማእከል ሜዳ ጉብለል'ዩ - ሰስ ፋብሪጋስ።

ብ4 ግንቦት ኣብ ኣረንስ ደ ማር - ስጳኛ ዝተወልደ ፋብሪጋስ፣ ፍጥር ኩዑል ደጋፊ ናይ'ታ ጎና ኣምዑት ዘይቶጸረ ህጻን 9 ኣዋርሕ ከሎ ምስ ኣቡሓጎኡ ክዕዘብ ዕድል ዝረኸበ ባርሰሎና'ኳ እንተነበረ፣ ቅድም ምስ ማታሮ'ዩ ሞያዊ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ጀሚሩ።

ምስ ባርሰሎና ልምምድ ክገብር ድሕሪ ምፍቃዱ ኣብ 1997 ወዲ 10 ዓመት ኮይኑ ኣብ ላ ማሲያ ስፖርታዊ ኣካዳሚ መንእሰያት ባርሰሎና ብምእታው ምስ ከም በዓል ጀራርድ ፒኬን ልዮኔል ሜሲን ዝኣመሰሉ ከምኡ ህቡባት ተጻወትቲ ሓቢሩ ከም ተኸላኻላይ ፍርቂ ሜዳ ክሰልጥን ጀመረ። ካብ ሽዑ ኣትሒዙ'ዩ ድማ ኣብ ሓደ ወቕቲ ክሳዕ ልዕሊ 30 ሸቶታት እናመዝገበ ብሉጽነቱ ንዓለም ከርእያ ዝጀመረ።

ፋብሪጋስ፣ ኣብ'ዚ ምስ ባርሰሎና ዝኻኸሉ ጥዑም እዋናት ኣካዳሚ፣ ነቲ ናይ'ቲ ግዜ'ቲ ሓለቓ ጋንታ ዝነበረ ፒፕ ጓርድዮላ'ዩ ዘድንቕ ነይሩ። ጓርድዮላ'ውን ነዚ ከይደረሰዐ ወሉዱ ምስ ተፋትሖ ከም መጸናንዒ ነታ ቁጽሪ "4" ማልያኡ ንፋብሪጋስ መጠዎ።

እዚ ኾይኑ እቲ ግዳ ፋብሪጋስ ወዲ 16 ዓመት ምስ ኮነ ኣብ ባርሰሎና ዝህልዎ ዕድላት ድሩት ምዃኑ ብምስትውዓል ኣብ ቀውዒ 2003 ንዓኣ ተሰናቢቱ ናብ እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል ግዒዙ። ኣብ 2004 ብዕሊ ምስኣ ተፈራሪሙ ወግዓዊ ጸወታ ምስ ጀመረ ጎና እግሩ ከየንበረ ኣብ'ቲ ኣንጻር ዎልቨርሃምፕተን ዎንደረርስ ብኣርሰናል 5 ብ 1 ዝተዓወተሉ ግጥም ዋንጫ ሊግ ብልጽቲ ሸቶ ኣመዝገበ። እቲ ኣብ ታሪኽ ኣርሰናል ዝንኣሰ ኣመዝጋቢ ሸቶ ብምዃን ስረሑ ኣርእዩ ከኣ ክብሪ ተጎናጺፈ።

ኣብ ጥቅምቲ 2004 ኣርሰናል ብማንቸስተር ዩናይትድ 2 ብ 0 ክትስዓር ከላ ኣካላ ዝነበረ ፋብሪጋስ፣ ጸወታ ምስ ተወድአ ኣብ ውሽጢ መዕረፊ ተጻወትቲ ሕልፍ ኩዑል ንምኽናጀር ናይ'ታ ተዓዋቲት ጋንታ - ኣሌክስ ፈርጉሰን ፒሳ ገይሩ ከም ዝለመጸ ድሒሩ ተረጋጊጹ'ዩ። በዝ ናይ ፒሳ ፍጻሜ ዝኣክል እታ ግጥም ክሳዕ ለይቲ ሎሚ "ኲናት በፌ" ተባሂላ'ያ እትዝከር።

ፋብሪጋስ፣ ንኽእለቱ ክእለት፣ ንብልሓቱ ብልሓ እናወሰኸሉ፣ ብኡ መጠን ድማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብተመኩሮ እናተሳሕለ መጺኡ ኣብ ወቕታዊ ውድድር 2008/09 ሓለቓ ጋንታ ክምረጽ በቒዑ። ኣብ ዝሰዓበ ወቕቲ-ግጥማት እውን ስፖርታዊት ጋዜጣ "ቱቶ ስፖርት" ብዘወደቡቶ ኣብ ልዕሊ መውዳድርቱ ዓብላሊ ደምጺ ብምርካብ ተዓዋቲ ሽልማት "እቲ ወርቃዊ ጎበዝ" ኮይኑ። ናብ ኣርሰናል ምስ ገዓዘ'ውን ከምኡ ናይታ ጋንታ ጉብለል ወቕቲ ክኸውን ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ እናሳዕ ምስ ከም በዓል ክርስቲያኖ ሮናልዶ ዝኣመሰሉ ደመቓት ከዋኽብቲ እናተረቖሐ ንዝተፈላለዩ ክብርታት ተሓጽዩን ዝና ኣጥርዩን እዩ።

ኣብ ክረምቲ 2011 ፋብሪጋስ ብ29 ሚልዮን ዩሮ ናብ ሕቑፊ'ታ ዝዐበየ ዝዋዕለ እዋን ሃረር ዝበሎ ባርሰሎና ኣትዩ ምስኣ ኣብ ዝጸንሓለን ዓመታት ንበዓል ዣቪ ሄርናንደዝን ኣንድረ ኢኒየስታን ጸብለል ኢሉ 466 ዕድላት ሸቶ ብምፍጣር፣ 86 ንኽምዝገብ ብምሕጋዝን 48 ባዕሉ ኣብ ሰኪዔት መቓናቕንቶም ከም ዝደነበ ብምግባርን ዓቕሙ ስብእኑቱ ኣርእዩ። ባርሰሎና ናይ 2011/12 ኮፓ ደል ረይ ፣ ናይ 2011 ሱፐር ኮፓ ስጳኛ፣ ናይ 2011 ሱፐር ካፕ ዩኤፍ ኤይ ከምኡ'ውን ናይ 2011 ዋንጫ ፊፋ ክትዓትር ዝተጻወቶ ተራ ድማ ዕዙዝ'ዩ።

ፋብሪጋስ፣ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሰነ 2014 ምስ ባርሰሎና ተመሳጊኑ ብኣስታት 30 ሚልዮን ፓውንድ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ብምኽታም ናብ እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ ግዒዙ ደርኩቡ። ምስ'ዛ ዝተጸንበራ ቸልሲ ብምዃን ኣብ'ዚ ፈሊሙ ዘሎ ጸወታታት ፕሪመርሊ ሊግ ደሚቑ ክወጽእ ተስፋ ይገብረሉ።

እዚ ካብ ዕድሚኡ ዝበርኽ ብስለት ከም ዘለዎ ዝነገረሉ፣ ሪኢ፣ መሻዙትን ልዑል ግንዛበ ግዜን ቦታን ዝመለለዩኡ'ሞ ብብዙሓት ኣፍቀርትን ክኢላታትን ተንተንቲን ጸወታ ኩዕሶ እግሪ "ፈጣሪ ጸወታ" እናተባህለ ብኣድናቖት ዝጽዋዕን ውሓለ ፋብሪጋስ፣ ዳንኤላ ሲማን ንዝተባህለት ምልክዕቲ ወይዘሮ ኣእትዩ ብ10 ሚያዝያ 2013 ዝተወልደት ሊያ ዘጠመቓ ምጭውቲ ቁልዓ ኣሎቶ።

ብዘይካዚ ኣብ 2011 ምስታ ጥማ እትጻዋዕ ህብብቲ ጀርመናዊት ትካል መፍረ ስፖርታዊ ዕጥቒን ኣልባሳን ብምውዓል ስፖርታዊ ጫማኣ ወደዩ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ኣወዓዋዕታ ኮይኑ። ኣብ ግንቦት 2008 ዝፈለመ ብኩጥኒያ ናይክ ዝምወልን ከም በዓል ኣርሰን ቨንገር፣ ፍሊፕ ሰንድሮስ፣ ኒክላስ በንትነር ዝኣመሰሉ ከምኡ ሰብ ዝና ዝሳተፍዎን "ዘ ቸሳክ ፋብሪጋስ ሾው" ዝበሃል መደብ ተለቪዥን ብዕላይ ስፖርትስ ዝፍኖ መደብ ከኣ ነይሩዎ።



# ሰንበት ምስ ቆልዑ



ሰናይ ዮናስ

## ወግዒ ኣቦይ ያሲን



ኣስላሙ'ዓሊኩም ፍቱዋት ደቀይ ከመይ ቀኒኹም? ክራማት ከመይ ተሕልፍዎ ኣለኹም? ኣይዋ! ኣብ እዋን ክራማት ዓመት መጺ ብዘንቀወታ እንጸበዮ ፈስቲቫል ደሮ ተጀሚሩ። እዚ ቅንያት'ዚ ኩልና ኤርትራውያን ኣብ ሓደ መኣዲ እንኣተፈሉ ብሉጽ ቅንያት'ዩ። ፈስቲቫል ብዓበይቲ ጥራይ ዘይኮነ ብቖልዑ'ውን ተፈታዊን ተበሃጊን'ዩ። ፈስቲቫል እትብል ቃል ክሰምዕ ከሎ ብሓንስ ዘይሰራሰርን ገጹ ዘይበርህን ቆልዓ'ዶ ኣሎ'ዩ? የለን ከም እትብሉ ኣይጠራጠርን። ፈስቲቫል ግን ከም መዘናግዒ ጥራይ ክወሰድ የብሉን። ዕላማ ፈስቲቫል እንታይ ምዃኑ ክትርድኡ ኣለኩም። ፈስቲቫል መግለጺ ታሪኽን ባህልን ፍቕርን ስኒትን ሓድነትን መንነትን'ዩ። ናይ ነፍሲ ወከፍ ብሄር ባህሊን ማሕበርን ናይ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ምስሊን ባህርያዊ ሃብቲን ዘንጸባርቕ'ዩ። ኺ ኹ ድማ ንቖልዑ ዘዘናግዑን ትምህርቲ ዘቐስሙን ምርኢታት፣ መጻወቲ ጥንቡላታትን ካልእ በበዓይነቱ መዘናግዒታትን ይቐርብ። ፍቱዋት ደቀይ ኣብ ሃገርና ዘርከብ ዓድታትን ከተማታትን ትፈልጠወን'ዶ? ገሊኹም ካብ ዝበኺኹም ወጺእኩም ዘይትፈልጡ ፤ ገሊኹም ኣብ ገለ ወሰናት ቦታታት ገሊኹም ከኣ ዕድል ዝረኸብኩም ምስ ወለድኹም ኣብ ብርክት ዝበሉ ዓድታትን ከተማታትን በጺሕኩም ኣለኹም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓድታትን ከተማታትን ሃገርና ምብጻሕ ኣጸጋሚ'ኳ እንተኾነ ካልእ ኣማራጺ ግን ኣሎ። ኣብ ፈስቲቫል! ፈስቲቫል ኣብ ዝቐየደሉ ቅርዓት ኤክስፖ ምልእቲ ኤርትራ እንታይ ከም እትመስል ምርዳእ ይከኣል'ዩ። ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኹም ነፍሲ ወከፍ ዞባን ብሄረታትን ኣብኡ ክትጸንሓኩም'ያ። ዘደንቕ ባህሊን ኣሃዱብሩን ክትዕዘቡ ኢኹም። ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ክንደይ ሃብታም ታሪኽ ከምዘለዎ፤ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ዘለዋ ኣቀማምጣ ምድሪ ፤ ኩነታት ኣየር ፤ እንታይ ትሕዝቶ'ኸ ደርከበ ፤ ባህሊ ስራሕ ንቕሓት ተባላሓትነት ተወፋይነት ህዝብና ኣብኡ ክትረኽብዎ ኢኹም። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ብዙሓት ሓርኮትኮት ዝብሉ ቆልዑን መንእሰያትን ዝሰርሕዎ ድንቂ ስርሓት ኣሎ። ኮታ ኤርትራ ሃገርና ክሳብ ክንደይ ሃብታምን እተኸብርዕን ሃገር ምዃና ካብ'ቲ ዓመታዊ ዝግበር ፈስቲቫል ምግንዛብ ይከኣል'ዩ'ሞ ብተገዳስነት ድኣ ብጽሕዎ።

ካልእ ንእግረ መገደይ ከዘኻኽረኩም ዝደሊ ግን - ምስ ወለድኹም ናብ ፈስቲቫል ክትመጹ እንተለኹም ንወለዱኹም "እዚኣ ግዝኡልና" እናበልኩም ኣብ ጸገም ኣይተእትውዎም። ገለ ዓያሹ ቆልዑ ዘዘርኣይዎ ንወለዶም ክገዝኡሎም የገድዱዎም'ዮም። እንተዘይገዚኦምሎም ገጾም ሓምለ ሰኒ ኣምሲሎም ኣፎም ብልጉሙ ኢዶም ኣብ ጀብኦም ኣእትዮም ትዕንን እናበሉ ንገዛኦም ይምለሱ። ብዙሓት ስዮማትን መስተውዓልትን ቆልዑ ግን ንወለዶም ስለ ዝሓልዩሎም ካብ ፍቓድ ወለዶም ኣይወጹን'የም። ፍቱዋት ደቀይ ወለድኹም ንዓኹም ከሐጉሱ'የም ወትሩ ሳዕሊን ታሕቲን ዝበሉ። መኣስ እንታይ የድልየኩም ሂናይ ቀዋምነት ይህቡ ይፈልጡ'የም። ናብ ፈስቲቫል ከምጽእኹም ከለዉ ከኣ ክትሕጉሱ'ዩ'ምበር ክትከርዩ ኣይኮነን። እዚኣ ዘይተገዝኣትለይ ኢልካ ምኹራ'ዶ ጸቡቕ'ዩ። ኑቲ ኩላገሰካ ዝመጸ ወላዲ ኩርሻ ከተኽርዩ'ኸ ጸቡቕ ድዩ ? ኣይፋሉን! ወለዲ ዓቕሞም ዝፈቕዶ ክዕብዑ ዕድል ሃብምም። ካብ መደቦም ወጻኢ ክገዙኡ ኣይተገድድዎም። ብሓጺሩ ፍቱዋት ደቀይ ከም'ቶም ስዮማትን መስተውዓልትን ንወለዶም ዝሓልዩ ምሩቓት ቆልዑ ድኣ ክትኮኑ ጸዓሩ! ርሑስ ቅንያት ፈስቲቫል ንኹልና!







## ኣዛምዱ

| | |
|---|---|
| 1.ትጉህ ከም | ሀ. ኣንበሳ |
| 2. ጨካን ከም | ለ. ተመን |
| 3. ለዋህ ከም | ሐ. ንህቢ |
| 4. ጎራሕ ከም | መ. ነብሪ |
| 5. ጅግና ከም | ሰ. ወኻርያ |
| 6. ተንኮለኛ ከም | ረ. ርግቢት |

## ሃበርም ኣሕዋት



ሸዑ፣ ኣመና ህጻን ስለ ዝነበረ፣ "ኣብዚ ቦታ፣ ብትምህርቲ ካብይ ዝፍዕ የለን" ኢሉና ነይሩ። ሸዑ ዘረባ ቆልዓ ኹይኑ ኣስሒቑና። ሎሚ ንሱ ናይ ልቡ እዩ ተዛሪቡ። ካብ ሸዑ ጀሚሩ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ምህሮ ዝቖደሞ ሰብ ኣይረኸበን። ካብ 1ይ ክፍሊ ክሳዕ ሕጂ ካብ ክፍሉን ካብ ዩኒትን ቀዳማይ እናወጸ፣ እንሆ ሕጂ ካብ ሓሙሻይ ክፍሊ ናብ ሻዱሻይ ማለት ናብ ማእከላይ ደረጃ ሰጊሩ ኣሎ።



ኣብ ከተማ ድባርዋ ዝምሃሩ ኣሕዋት'የም፣ ጉዝኦም ካብ ብስድራኦም ብስም "እቶም ቆልዑ" ይፍለጡ። ንቖልዑ፣ "እንዳ መም. ኢሳቕ" ኣብይ'ዩ ኢልካ እንተ ሓቲትካ እቶም ዘይፈልጡዎ ግር ይብሎም። "እንዳ ጳውሎስ" እንተ ኢልካ ግና፣ ቆልዑ "እቲ ንፉዕ ተማሃራይ ድዩ? እቲ ናይ ዩኒት ዝወጽእ ደዩ... ወዘተ." ዝብል ሕቶ ኣሰዒቦም ናብ ቤቱ ይመርሑኻ። እወ፣ ጳውሎስ ኢሳቕ - እቲ ሃብሮም ተመሃራይ። ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ቀዳማይ ክፍሊ እንክሎ፣ ኣብዚ ዓምዲ ኣላሊናዮ ኔርና። "እንታይ ደኣ'ሞ ምድጋም ኣድለየ?" ዝብል ሕቶ ክለዓል ይኽእል'ዩ። እንታይ ከ ዘደንግም ኣሎ'ዎ? ዝብል መልሲ ሒዝና ድማ ቀሪብና ዘለና።

ምስ ስድራኡ ንዛረብ ኣብ ኣስመራ ዝቖጸ ጳውሎስ፣ "ምስ ዓቢካ እንታይ ክትሰርሕ ኢኻ ትደሊ?" ንዝበልናዮ ሕቶ ዳርጋ ከም ኩሎም ቆልዑ "ዶክተር!" ክብል'ዩ መሊሱ። ተራ ትምኒት ዘይኮነ ግና ብሽምዚ ዘሎዎ እንተ ቐጺሉ፣ ናይ ብሓቂ ኑቲ ሞያ ዝኽእሉ ቆልዓ'ዩ። ንፍሉይ ሞይ ዝኽእሉ፣ ፍሉይ ቆልዓ! ምስጢር ዓወቱ ብሕጽር ዝበለ፣ ወለዱ ብዘወጽኡሉ መደብ ከም ዘጽንዑ፣ ንጸወታ'ውን ግዜ ከም ዝፈልየሉ እዩ ሓቢሩና። ወለዱ መም. ኢሳቕ ሃብተማርያምን መም. ጸገ ኣብርሃን እውን ኣብ ግዝ ብዕቱብ ከም ዝከታተሉዎን ከም ዝድግፉዎን ሓቢሩና።

ዕላልና ብጸዋና ወይ'ውን ብሓውሲ ቅንኢ ትከታተል ዝነበረት ሓብቱ፣ ኣብ መጀመርታ እኹል ኣደህቦ ኣይገበርናላ። ጸሒትና ግና "ሓቃ እንድያ ደኣ!" ዝብል ሓቂ ረኺብና። ንሳ'ውን ከም ሓዋ ምዃና፣ ጸኒሑ እዩ ተረዲኡና። ኣብ ናይ ክፍሊ ንጥፈታት ኩሉ ኣብ መርመራታት ስሒት ኢላ ሓደኽልተ እንተዘይኪይኑ ኣይትጋገን እያ። ሕጂ ናብ ራብዓይ ክፍሊ ሓሊፋ ኣላ። ንሳ'ውን ኣሰር ዮኻሪ ሓዋ ብምኽታል፣ "መንዩ ዝቕድመኒ" እናበለት ትኸይድ ዘላ ተመሃሪት እያ። ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ክፍላ ቀዳመይቲ ካብ ምሉእ ቤት ትምህርታ እውን ዓመታዊ ቀዳመቲ ብምዃን ትሰኩም ዘላ ሃብሮም ተመሃሪት እያ። ንሳ'ውን ከም ሓዋ ዶክተር ክትከውን ስለ እትምን ሓሳብ ልባ የሰምረላ። ሳሮን ኣብ እንግሊዝኛ ልዕሊ ዕድማኣ ዝኸነ ዓቕሚ ከም ዘለዋ ተገንዚብና። ንሳ'ውን እቲ ኣዝዩ እትፈትዎ ትምህርቲ፣ እንግሊዝኛ ምዃኑ ሓቢራትና።

እሞ ፍቱዋት ቆልዑ ንሸኻትክም'ውን ከምዞም ሃብሮም ቆልዑ ንምዃን ኣብርቱዕኩም ጽዓሩ።

ኢርምያስ ሰለሞን

## ንመለበሚ

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሓደ ቦታ ብርክት ዝበሉ ቆልዑ ተኣኪቦም ፓሊና ይጻወቱ ነበሩ። እቶም ቆልዑ ገለ ህድእ ዝበሉ ገለ ኸኣ ጎረርኦም ክሳብ ዝቕዕ ዓውዓው እናበሉ ይጻወቱ። መሲ ወዲ ክልተ ዓመት ቆልዓ'ዩ ካብኦም ፍንትት ኢሉ ከኣ ኮፍ ኢሉ ነበረ። ኣብ ገጹ ናይ ጥዕና ኣይመስልን። ጸጸኒሑ ንላዕሊ ከበሎ ይደሊ ገጹ'ውን በርበረ ይመስል። "መሲላ ክትሽይን ዲኻ ደሊኻ ?" በሉቶ ምዕባይ ሓብቱ ሓሬና በዩት ምስ ርኣየቶ ገለ ኮይኑ ከም ዘሎ ተረዲኣ። መሲ "ኖኖ" በለ ርእሱ ንጸጋ ጸጋም እናንቀሳቐሰ። "እንታይ ድኣ ደሊኻ?" በለቶ ደጊማ መሲ ኣይመለሰን ዓይኒ ዓይና እናረኣየ ትም በለ። ሓሬና እናተሻቐለት ብቕልጡፍ ሓቚፋ ንገዛ ወሰደቶ። መሲ ጸጸኒሑ ንላዕሊ ከበሎ (ከምልሶ) ይደሊ ግን ግን ከኣ እንደገና ይመልሶ። ሓሬናን ኣዴኡን ኩነታት መሲ ኣሻቒሉዎም ብኡ ንብኡ ናብ ሕክምና ወሰዱዎ። ዘድሊ መርመራ ምስ ገበሩሉ ከኣ መሲ ፓሊና ውሒጡ ከም ዘሎ ኣረጋገጹ። ፍቱዋት ቆልዑ ፓሊና ንመጻወቲ ጸቡቕ እኳ እንተኾነ ኣብ ኣፍ ግን ከተቐርብዎ የብልኩምን። ብፍላይ ንኣሽቱ ቆልዑ ዝኾነ ነገር ናብ ኣፍ ናይ ምእታው ባህሪ ስለ ዘለዎም ብቐሊሉ ክረኽብዎ ኣብ ዘይኽእሉ ቦታ ክቕመጥ ኣለዎ። ፓሊና ኣብ ኣፍ ምስ ዝኣቱ ኣዝዩ ሓደገኛ ክሳብ ሞት'ውን ከስዕብ ዝኽእል ምዃኑ ተረዲእኩም ተጠንቀቑሉ!

## ክንደይ ጫፋት ትዕዘቡ ኣለኹም?

### ክልተ'ዶ ሰለስተ? ኣተኩርኩም ጠምቱ።

